# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.13 ሰሉስ 15 መስከረም 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ድሕሪ ሕርሲ ዝመጽእ ሕማም ሕርሲ





ገጽ 4
'መሓመዲኖ' ዳግም እንክትንበብ

ገጽ 8
"ምስጢር ዓወትና፡ ወለድናን መማህራንናን እዮም" ...

ገጽ 9
ንዘረባ ዘይምህዋኽ




## ባረንቱ - ብዝተፈላለየ ሞያታት ዝሰልጠኑ ተመሃሮ ተመረቖም





ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ተመሃሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቶም ሞያ ክቕስሙ ብዝኾነድ ጻዕራ ንኣስታት 4 ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ሞያታት ዝሰልጠኑ 480 ተመሃሮ፡ ብ10 መስከረም ተመረቖም።

እቲ ስልጠና፡ መባእታ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ቀዳማይ ረድኤት፡ ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ቅብኣ፡ ድራማን ምምልኻዕን ዘጠቓልለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ፍርቱናቶ መሓመድ-ሳልሕ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኻ ሞያ ምቕሳም ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ህይወትካ ኣገዳሲ ጽልዋ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዘርኣይዎ ድሌትን ትግሃትን መጐሱ።

ኣብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ክፍሊ ፕሮጀክት መንእሰይ በኺት ኣድም ብወገኑ፡ ምስጢር ዓወት ኣብ ንቕሓትን ውዳበን ከምዝምርኮስ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዝርከቡ መንእሰያት፡ ተወዲቦም ሞያዊ ስልጠናታት ክቕስሙ ብዕቱብ ክሰርሑ ኣተሓሳሰቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ተስፋኣለም ባህታ ብወገኑ፡ ሃማመተኤ ንዘካይዶ ንጥፈታት ምምዕባል ዓቕሚታት መንእሰያት ብምምጓስ፡ ምምሕዳርን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ምትሕብባሮም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

## ኣብያተ-ትምህርቲ ኣ'ድያእን ዓወትን ንሃበርም ተመሃሮአን ሸሊመን

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣ'ድያእ ከምኡ'ውን መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓወት፡ ሃበርም ተመሃሮአን ሸሊመን።

ብ13 መስከረም ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ኣ'ድያእ - ኣኽርያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምሽላም ስነ-ስርዓት፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሳህለ ኣብርሃም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 11 ተመሃሮ ልዕሊ 90 ሚእታዊት፣ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ (ማትሪክ) ድማ 17 ተመሃሮ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ከምዘምጽኡ ገሊጹ።

ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓወት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 90ን ልዕሊኡ ንዘመዝገቡ ሜዳልያን ወረቐት ምስክርን፣ ኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ንዘምጽኡ 20 ተመሃሮ ድማ ሜዳልያ፡ ታብለትን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሎ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ 99.6 ሚእታዊት ዘምጽኣት ተመሃሪት፡ ንብለል ብምኳን ተሸላሚት ዋንጫ ክትከውን ከምዝበቐዐት፡ ርእሰ-መምህር'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር በላይ በርሀ ሓቢሩ።

ኮሚተ ወለዲ ብወገኖም፡ ብዘይ ተሳትፎ ወለዲ ዝዕወት መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስለዘየለ፡ ወለዲ ኣብ ደቆም ዝገብርዎ ወፍሪ ክሕይል ተላብዮም።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ወ/ሮ ልያ በረኸትኣብን ሓላፊ ምክትታል ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር የውሃንስ ሰለሙንን ብግደኦም፡ ተመሃሮ ረኺቦሞ ብዘለዉ ውጽኢት ከይተዛነዩ፡ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ብዓወት ንምዝዛም ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓወት ብዘይካ'ዚ፡ ን10 ኣብነታውያን መምህራን ኣተባቢዓ።





ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣ'ድያእ



ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ዓወት

## ባጽዕ - ኣበርክቶ መንእሰያት ኣብ ሕብረተሰብ ንምብራኽ ኣስተምህሮ ተወዲቡ

ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ተራን ኣበርክቶን መንእሰያት ኣብ ሕብረተሰብ ንምብራኽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ7 መስከረም ኣብ ባጽዕ ወዲቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ መድረኻት ቃልሲን ህንጸት መንእሰያትን፡ ተራ መንእሰያት ኣብ መኸተን ልምዓትን፡ ከምኡ'ውን ዕላማ ውዳበ መንእሰያት ዝበሉ ዛዕባታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ኣሚን ከተማ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ንተራን ኣበርክቶን መንእሰይ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን፡ ዝተሰገረ መስገደላትን ዝተኸፍለ ሪዚን መስዋእትን፡ ከምኡ'ውን ዝተሓልፈ መድረኻትን ተመኩሮታትን ብመንጽር እዋናዊ ኩነታት፡ ብኣብነታት ዝተሰነየ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ መድረኻት ዝተኸሰቱ ክብሪታት፡ መሰረት ኩለንትናዊ ህላወና ኮይኑ ከም ዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣሚን፡ ቀጻልነት ናይ'ዛ ሃገር ብኣድማዕነት ንምውሓስ፡ ኩሉ ዜጋ ሕድሪ'ኳ እንተለዎ፡ ብቐንዱ ግና ናይ መንእሰያት ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ8 መስከረም "ተራ ሞያውያን መንእሰያት ኣብ ምህናጽ ሃገር" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንመንእሰያት ኣብኣት ከብጽያ ህንጸትን ልምዓትን ቀይሕ ባሕሪ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ዜና

# ኣፍዓበት - ንኣባላት ኮሚተ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣፍዓበት፡ ንኣባላት ኮሚተ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታትን ምርግጋጽ ማሰላት ቁልዑን ደቂኣንስትዮን ስልጠና ተዋሂቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ-ሰዒድ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኮሚተ ስራሕ ካብ ወርሒ ሕዳር 2023 ክሳብ'ዚ እዋን፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ጉጅለታት ሃማደኤ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብን ዝሰላሰሎ ንጥፈታት ብምምዃኑ ንዚያዳ ወጽኢታውነት ስልጠና ኣጉዲሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ስልጠና፡ ብዛዕባ ብሕጊ ዝተኸልከሉን ጥዕናዊ ሳዕቤናት ዘለዎምን ጎዳእቲ ልምድታት፡ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጀብ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ኣብ ማሰላት ቁልዑ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ክሽቦን ካልእ ጎዳኢ ልምድታትን ዝተኻየደ ገምጋምን ስልጠናን ኣጉዲሱ ልዑል ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ንምግታእ፡ ተራ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ትምህርትን ከምኡ'ውን ፖሊስን ሃማደኤን ክዓዝዝ፡ ኣፅቢርቲ ዓዲ ድማ ኣብ ስራሕ ናይ'ታ ኮሚተ ምትሕብባርም ከዕዝዙ ኣተሓሳሲቦም።

# ደቀምሓረ - ብምትሕብባር ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ልምዓታዊ ወፈራ ተኻዩዱ



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ መጻሉ - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ብምትሕብባር ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ምስራሕ መጽለዪ ወሕጅ ዘተኮረ ልምዓታዊ ወፈራ ተሰላሲሉ።

ዕላማ'ቲ ብ10 መስከረም ኣብ ሩባ ሳንቦ ዝተኻየደ ወፈራ፡ ከቢድ ዝናብ ዘስዕቦ ወሓይዝ ኣብ ኣኽብቦን ሕርሻን ዘውርዶ ጉድኣት ንምክልኻል'ዩ።

በቲ መደብ፡ 64 ሜትሮ ንውሓትን ሜትሮን ፈረቓን ቁመትን ዘለዎ መጽለዪ ወሕጅ ከምዝተሰርሐ፡ ወከልቲ ኣፈና ሓቢሮም።

ኣብ ወፈራ ዝተሳተፈ ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ ኣቃውማን ብቕዓትን ...

ኣብቲ መደብ ዝመርሑ ኣዘዝቲ ሰራዊት ብወገኖም፡ እቲ ዕማም ስሉጥን ጽፉፍን ከምዝዘለቐ ብምሕባር፡ ናይ ማሕበረ ደገፍ ዘድልዮ ክፋል ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክትግበር ኣተሓሳሲቦም።

# ኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን፡ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣበርኪተን

ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን፡ ካብ 19 ንኡስ ጨናፍር ዘተዋጽአ 597,159 ናቕፋ ንሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ኣበርኪቱ።

እተን ገንዘባዊ ወፈያ ዝገበራ፡ ኣባላት ንኡስ ጨናፍር ሃማደኤ ኣብ ኦፈንባኽ ድራይኣይሽ፡ ካርልስሩወ፡ ሹቱትጋርት፡ ዱዙልዶርፍ፡ ፍርድሽሃፈን፡ ፉልዳ፡ ሽቱትጋርት፡ ካይዘርስላውተርን፡ ቫልድሽቱት ሎራኽ፡ ሙንሸን፡ ሃምቡርግ፡ ማንሃይም፡ ጊሰን፡ ኑርንበርግ፡ ቢለፈልድ፡ ሃናው፡ ፍራንክፈርት፡ ከለንን ኡልም'የን።

ኣባላት ንኡስ ጨናፍር ቱቢንገን ሮይትሊንገን፡ ዳርምሽታትን ማይንዘን እውን ኣቐዲመን 3,400 ዩሮ ንሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ኣታዊ ገይረን ምንባረን፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ካብ 8ይ ገጽ ዝቐጸለ

# "ምስጢር ዓወትና፡ ወለድናን. . ." ተሸለምቲ ተማሃሮ




ተማ/ ክብረት ምስ ስድራቤቱ

ወላዲታ ወ/ሮ ሰናይት ብርሃ ድማ፡ ኢለም ጓላ ኣብ ጀነራል ዘለዓለ ነጥቢ ኣምጺኣ ክትሽለም ምብቕዓ፡ ሓጎሳ ወሰን ከም ዘይብሉ'ያ ትገልጽ። ምስ ብዓል ቤታ ኢሳይያስ ተኪአ ብምዃኖም፡ ምሸት ጥራውዝታ ብግቡእ ከም ዝፍትሽላ፣ ፕሮግራማታ ሰሪዓ ከተጽንዕ ከም ዘተባብዕዋ፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ኣብ ትምህርታን መጸናዕታን ናታ ልዑል ተበግሶ ከም ዘለዋ ሓቢራትና። እዚ ሽልማት ዚያዳ ክፍዕን ኑዩም ናእሽቱ ኣሕዋቶም ቅዱስ ቅንኢ ከሕድሩ ዝጉብርን ስለ ዝኾነ፡ ክቕጽል ዝተላበወት ወ/ሮ ሰናይት፡ ቈልዓ ዝበዝሕ ግዜ ምስ ኣደኡ ስለ ዝውዕል፡ ብፍላይ ንግቡብ ዝኽእላ ኣደታት፡ ንደቀን ኣብ ምኽትታልን መሰረት ኣብ ምትሓዝን ኣበርቲዐን ክጽዕታ መኺራ።

ተማዛራይ ክብረት ብርሃኑ፡ ኣብ ጀነራል 98% ነጥቢ ኣምጺኡ ዝተሸለመ ሃብሮም'ዩ። ተማዛራይ ክብረት፡ እዚ ነጥቢ ከምጽእ ዝኸኣለ፡ ስሩዕ ትምህርቱ እናተኸታተለ፡ ንጀነራል ዝኸውን ደምሳዋት ኣቐዲሙ ይጉብርን መጻሕፍቲ ይገናጸልን ከም ዝበረ ጠቒሱ፡ ኣብ ክፍሊ'ውን ብጽሞና ከም ዝኸታተልን ምስ ብጾቱ ኮይኑ ናብ ቤት ንባብ ብምኻድ ከም ዘጽንዕን ሓቢሩ። ወለዱ፡ "ኢጆኻ ዝወደይ፡ ክትዕወት ኢኻ፣ ዝለዓለ ነጥቢ ከተምጽእ ኢኻ" እናበሉ፣ ከምኡ'ውን ዘድልዮ መጻሕፍትን መተባብዒ ነገራትን እናቐረቡን፡ ናይ ደገፍ ትምህርቲ እናሃቡን ከም ዝተኸታተልዎ ብምግላጽ፡ ዝተዓደሎ ሽልማት ንወለዱ ከም ዘወፍዮ ኣረጋጊጹ። ሓደ ተማዛራይ ጸወታ የብዝሕ እሞ፡ በብመዓልቱ ዝተማሃሮ ይደጋገሞ፣ ብሓንሳብ ከጽንዕ ፈቲኑ'ውን ምዃን ምስ ኣዩን ግዜ ፈተና ምስ ኣርከበ፡ ናብ ምጭናቕን ዘይምግዳስን ከም ዝኸይድ ዝሓበረ ተማዛራይ ክብረት፡ ብፕሮግራም ተመሪሕካ ምጽናዕን ኣብ ክፍሊ ምኽታልን ምስጢር ዓወቱ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ወላዲኡ ኣቶ ብርሃ ዑቕባሚካኤል ድማ፡ ክብረት ወዱ፡ ሓያል መጽናዕቲ እናካየደ ዘድሊ ምድላው ስለ ዝገበረ፡ ተገዲሱ ዘሎ ዓወት ጸግኡ ምዃኑ ሓቢሩ፡ "ኣቐዲሞም፡ ዓበይቲ ኣሕዋቱ ኣብ ጀነራል 96%ን 95%ን ነጥቢ ኣምጺኦም'ኳ እንተ ነበሩ፡ ክብረት ግን ልዕሊ ናታቶም ነጥቢ ከምጽእ ምኻኑ እናገለጸ ይጽዕር ስለ ዝነበረ፡ ሎሚ ከም'ቲ ጸዕሩን ዝተመኾሮ ዓወትን ክገናጸፍም ብምብቃዑ ከም ወላዲ ሓጎስ ደስ ምኢኒ። ብሕጂ'ውን፡ ከም'ቲ ዝሓለፈ ክተባብዖን ንግዜኡ ብግቡእ መታን ከማሓድሮ፡ ክመኽሮን ክሕግዞን እየ" ክብል ኣረዲኡ። ኣብል 37 ዘርያ ዝኾነ ሮኸሪ ወዱ ህያብ ብርሃ'ውን፡ ንግዜኡ ብግቡእ ስለ ዝጥቀመሉ ዓሚ ሽሞንተ ኣን ዓይነት ትምህርቲ ኤይ (A) ብምምጻኡ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣመዝጊቡ ከሊጅ ከም ዝተጸንበረ፣ ኣብ'ዘን ክልተ ዝሓለፋ ሰሚስተራት'ውን ክልተ ግዜ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ፡ ዓውዲ ስነፍልጠት ምህንድስና ኮምፕዩተር ከጽንዕ መሪጹ ከም ዘሎ ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ኣቶ ብርሃ፡ ወለዲ ዓቕምን ተውህቦን ደቆም ተገንዚቦም፡ ደቆም ብሞራልን ምኽትታልን ክሕግዙ፣ ተሸለምቲ ተማሃሮ ድማ ነቲ ብናጻ ዝማሃርዎ ህዝቦም መኽሓሲትን መታን ክኸሕሱ፡ ኣበርቲዖም ከጽንዑን ክፍዕሩን መኺሩ።

ሓላፊ ምም/ፋይናንስን 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል መም/ ተኽለይ ኣበደም ኣብ መወዳእታ፡ ቤት ትምህርቶም፡ ዓመት መጸኣ ብሉጻት ተማሃሮ ንምፍራይ፡ ምስ ኮሚቴ ወለዲን መማህራንን ብምዃን ዘይሕለል ጻዕሪ ከም ዘካይዱ ብምግላጽ፡ ተረኺቡ ዘሎ ብሉጽ ዓወት ድማ ወጽኢት ናቱ ምዃኑ ሓቢሩ። መም/ ተኽለይ ኣሰዒቡ፡ ኣብ ጀነራል ልዕሊ 90 ነጥቢ ኣምጺኦም ዝተሸለሙ ተማሃሮ 64 ምዃኖም ጠቒሱ፡ መድረኻት ትምህርቲ ስለ ዘይዛዘም፡ ተሸለምቲ ከም ቀደሞም ኣበርቲዖም ክሰርሑ፣ ብምዝኽኻር፡ ልዑል ብቕዓትን ክእለትን ዘውንኡ ተወዳደርትን ብዲሲፕሊን ዝተሃንጹን ተመሃሮ ንምፍራይ ኣብ ዝገበርዎ ዘሎ ጻዕሪ፡ ተራ ወለድን መማህራንን ዚያዳ ክዓቢ ኣተሓሳሲቡ።




ተማ/ ኤሊም ምስ ወላዲታ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ድሕሪ ሕርሲ ዝመጽእ ሕማም ሕርሲ

ሓንቲ ኣደ ዕሸል ምስ ተገላገለት ንሰሙናት ዝጸንሕ ቃንዛን ዘይምቹእነትን ተርኢ እያ። ብልምዳዊ ኣበሃህላ እቲ ዝፍጠር ቃንዛ 'ሕማም ደሓር' ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። እታ ኣደ፥ እቲ ቃንዛ ንቡር እንተኾይኑ፥ መዓስ ከም ዘብቅዕ ክትስተብህሎ ይግባእ። ገለ ካብቶም ድሕሪ ሕርሲ ዝረኣዩ ጸገማት እታ ኣደ ግቡእ ክንክን ምስ ዘይትገብረሎም ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።

## ድሕሪ ሕርሲ ኣየናይ ግዜ የመልክት፧

ድሕሪ ሕርሲ (Postpartum)፥ እታ ኣደ ህጻን ካብ እትገላገል ጀሚሩ፥ ኩነታት ሰብነታ ጥንሲ ቅድሚ ምንባሩ ክሳብ ዝምለስ ዝሎ ግዜ እዩ ዘጠቓልል። ድሕሪ ሕርሲ ንዝለዋ ቀዳሞት ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ሰሙናት ይወስድ።

ድሕሪ ሕርሲ ኣብታ ኣደ ናይ ሰብነትን ስምዒታትን ለውጥታት ክርአ እዩ ዝጀምር። ገለ ካብቶም ብቐጻሊ ዝረኣዩ ለውጥታት ኣካላዊ እዮም - ንኣብነት ምግዛፍ ጡብን መድመይቲ ርሕምን ምጥቃስ ይከኣል። ናይ ሆርሞን ምቅይያር ስለ ዝርኣ'ውን ኣብታ ኣደ ብሀ ዘዩብል ስምዒታት ይፍጠር እዩ። እዚ ኹሉ እቲ ኑቲ ዝርአ ለውጢ ግቡእ ቆላሕታን ምክትታልን ከም ዘድልዮ ዘይምዝንጋዕ።

ከም'ቲ ኻፍስ ጾር ምኻኑ ካብ ድሕሪ ሕርሲ ናብ ንቡር ምምላሰውን ናይ ተፈጥሮ ብርቂ እዩ። ገለ ዝረኣዩ ለውጥታት ድሕሪ ገለ ሰዓታት ወይ መዓልታት ናይ ሕርሲ ናብ ንቡር እዮም ዝምለሱ።

- ማህጸን ሸው ንሸው እናተጨበጠ ናብቲ ንቡር ዓቐኑ ክምለስ ይጅምር። እዚ ምሽምቃቕ ናይ ጭዋዳን ርሕማዊ መድመይትን ይፈጥር እዩ።
- ድሕሪ ሕርሲ ዝርአ ምቅይያር ናይ ሆርሞን፥ ኣብ ከብዲ ከስዐ ብርቱዕ ሙቐት እዩ ዝፈጥር። ቀጨውጨውን ቃንዛ ርእስን ዝኣምሰሉ ምልክታት'ውን የርኢ።
- ምግዛፍ ጡብ ደርኺ። ጡብ ብጸባ (ልግባ) ክመልእ ስለ ዝጀምር፥ ቃንዛ ክፈጥር ንቡር ተርእዮ እዩ።
- ድሕሪ ሕርሲ ኣብ መብዛሕትን ደቂ ኣንስትዮ ሕበጥ ኣካላት ይርአ እዩ። ኣብ ግዜ ጥንሲ ኣብታ ጓለንስተይቲ ተኣኪቡ ንዝጸንሐ ፈሳሲ ንምውጻእ ኣካላትና ዝጥቀማሉ መስርሕዎ እዩ። እቲ ሕበጥ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ክሃልቕ ይርአ እዩ። እቲ ሕበጥ ቀልጢፉ ምስ ዘይሃልቕ፥ ከም ቃንዛ ኣፍ ልብን ሕጽረት እስትንፋስን ዝኣምሰለ ምልክታት ምስ ዝሕወሶ ግቡእ ሕክምናዊ ቆላሕታ ዘድልዮ ምኻኑ ዘይምዝንጋዕ።
- ቅድሚ ሕርሲ ዝሎ ሰዓታት ዝርአ ጻዕሪ፥ ህጻን ምግልጋል ዝሓተቶ ሓይሊ፥ ነቲ ዝተወልደ ሓዳሽ ህጻን ምእላይ ዝርአ ላዕልን ታሕትን ኩሉ ተደሚሩ፥ እታ ኣደ ምሕር ድኻምን ረሸሽታን ክፈጥረላ ንቡር እዩ። ኣብዚ እታ ኣደ እኹል ዕረፍቲ ረኺባ ናብ ንቡር ክትምለስ ናይ መቕርብ ሓገዝ ከም ዘድልያ ኣይዝንጋዕን።

ሰዓብም ድሕሪ ሕርሲ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ጥዕናዊ ጸገማት፣ ብኸመይ ኣገባብ እተን ደቂ ኣንስትዮ ኑበሰን ኣልየን ነቲ ጸገም ክፍወስኦ ይኽእላ፣ መዓስከ ሕክምናዊ ሓገዝ ይሓታ ተዘርዚርዎም ኣለዉ።

## ልዕሊ ዓቐን ደም ምፍሳስ


ድሕሪ ሕርሲ ሓንቲ ኣደ ደም ክፈሳ ንቡር እዩ። ገለ ደቂ ኣንስትዮ ካብ 2 ክሳብ 6 ሰሙናት ዝጸንሕ ደም ክፈስን ይረኣያ እየን። ገለ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ዝፈሰን ደም ውሑድ ክኸውን እንከሎ ናይ ገለኣን ብዙሕ ክኸውን ድማ ይኽእል እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ድሕሪ ሕርሲ ዘርእይኦ ምፍሳስ ደም ንቡር እንተኾይኑ፥ ብቐጥታ ድሕሪ ዕሸል ምግልጋለን እዩ ዝጀምር - እቲ ኣገባብ ሕርሲ ብንቡር ይኹን ዋላ ብመጥባሕቲ። ኣብቲ ፈለማ እቲ ዝፈሰሰ ደም ብዙሕ ዘሎዎ ኮይኑ ኣዝዩ ቀይሕ ደሚቕ ሕብሪ ዝሓዘ እዩ። እቲ ብዙሕ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናነከየ ድሕሪ ሰሙናት እቲ ደም ጸልም ዝበለ ሕብሪ (ማለት ደም ጠበ ሕብሪ) ክሕዝ እዩ ዝጀምር።

## መዓስ ናብ ዶክተር ንኺይድ፧

- እቲ ዋሕዚ ናይ ደም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናነከየ ምስ ዘይከይድ። እቲ ምፍሳስ ደም ጸጺሑ ደው ምስ ዘይብል። ካብ ትሓርሲ 3 ወይ 4 መዓልታት ኣቑጺርካ ክሰኽ፥ እቲ ዝፈሰሰ ደም ከም'ቲ ናይ ፈለማ መዓልቲ ደሚቕ ቀይሕ ሕብሪ ዝሓዘ ምስ ዝኸውን።
- ዓቐን ክፈሰስ ዝጸንሐ ደም ዀዩ ጸኒሑ ሃንደበት ክወሰኽ፣ ሕብሩ'ውን ካብ ጸልም ዝበለ ቀይሕ፥ ከም'ቲ ናይ ፈለማ ናብ ደምቕ ዝበለ ቀይሕ ምስ ዝቕየር።
- ምስ ምውሳኽ ዋሕዚ ናይቲ ዝፈሰሰ ደም፥ ቃንዛን ቍርጥማትን ምስ ዝሰምዓኪ፣ ተቐላጢፍኪ ናብ ሕክምና ክትከዲ ይግባእ።

ዘቋርጽ ምፍሳስ ደም ድሕሪ ሕርሲ ክፈጥሮ ዝኽእሉ ጠንቅታት ብዙሓት እዮም። ልዕሊ ዓቐን ሃልኪ ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን፥ ልዕሊ ዓቐን መድመይቲ ድሕሪ






ሕርሲ ከስዕብ ይኽእል እዩ። እዚ ግና እኹል ዕረፍቲ ብምርካብን ኣብ ኣመጋግባ ብፍላይ ጥዕና ዘለዎ ፈሳሲ ብምውሳድን ብዘቤታዊ ክፍወስ ይከኣል እዩ።

ይኹን'ምበር፥ ከም መዓሕንቲ ብጥበእ ዘይምእላይን ማህጸን ብጥበእ ተጨቢጡ ናብ ንቡር ክምለስ ዘይምኽኣልን ዝኣምሰሉ ገለ ጸገማት፥ እታ ኣደ ልዑል ዓቐን ደም ከም ዝፈሳ ጠንቅታት ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት ግቡእ ክንክን ሕክምና ከም ዘድልየኪ ምፍላጥ የድሊ።

## ረኽሲ

ሕርሲ ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን። ሓንቲ ኣደ ዕሸል ክትገላገል እንከላ፥ ዋላ ብንቡር ይኹን፥ ነቲ ዕሸል ግቡእ መንገዲ ንምኽፋትን ብኻልእ ምኽንያትን፥ ኣብ መኽፈቲ ርሕሚ ንእሽቶ ከም ትብጣሕን ከም ትሰፈን ይግበር እዩ። እዚ ንኽይረኽስ፥ ድሕሪ ግቡእ ክንክን ክትገብረሉ ይምከር እዩ።

እታ ኣደ ብመጥባሕቲ (cesarean) ምስ እተገላገለ'ውን፥ እቲ ቁስሊ ኩሉዊ ክንክን ከም ዘድልዮ ርዱእ እዩ።

ኣብዚ፥ እታ ኣደ፥ እቲ ቁስሊ ከይረኽስ ብልብጦ ዝበለ ማይን ጨውን መዓልታዊ ክትሓጽቦ ዝበለጸ እዩ። እታ ኣደ ብመጥባሕቲ ዝሓረሰት ምስ እትኸውን ብፍላይ፥ ክትደቅስን ኮፍ ክትብልን እንከላ ጥንቃቐታት ክትገብር ከም ዘለዋ፥ ካብ ሓኪይም ግቡእ ምኽሪ ክትወስድን ይግባእ።

ገለ ደቂ ኣንስትዮ ድሕሪ ሕርሲ፥ ረኽሲ ናይ ርሕሚ፥ ኩሊትን ፍሕኛ ሸንትን ኪጋጥመን ይረአ እዩ።

## መዓስ ናብ ዶክተር ንኺይድ፧

ሓንቲ ኣደ ድሕሪ ሕርሲ ረኽሲ ኣጋጢምዋ ከም ዘሎ ዘጸሩ ምልክታት ሓያሎ እዮም። ገለ ካብኦም፦

- ተደጋጋሚ ቃንዛ፥
- ረስኒ፥
- ምቕያሕ ቆርበት ሰብነት፥
- ምርሃጽ ኣእዳው፥
- ቃንዛ ኣብ ግዜ ሸንቲ ወዘተ እዮም።

እቲ ረኽሲ ብዙሕ ግዜ ዘይወስድ እንተኾይኑ፥ ፈውሲ ረኽሲ መድሃኒት ብምውሳድ ቀልጢፍካ ክትፍወሶ ይከኣል እዩ። እቲ ረኽሲ ነዊሕ ምስ ዝጸንሕ ግን፥ ግቡእ ክንክን ሕክምና ከም ዘድልዮ ዘይምዝንጋዕ።

## ሸንቲ ክትዓቅር ዘይምኽኣል

ድሕሪ ሕርሲ ሸንቲ ክትዓቅር ዘይምኽኣል ዝርአ ጸገም ኣብታ ኣደ ንቡር እዩ። ነታ ኣደ ግና ዘይምቹእነትን ሕፍረትን ይፈጥረላ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፥ ሓደ ሓደ እዋን እታ ኣደ ኣብ ግዜ ብእትገብሮ ፍኽሰ ዝበለ ምውስዋስ ክፍወስ ይኽእል እዩ። እቲ ጸገም ከቢድን ኣሰካፍን ምስ ዝኸውን ግና ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮ እዩ።

ኣብ ግዜ ሕርሲ ብዝጋጥም ምድኻም ጭዋዳን መጉዳእትን፥ ቀልቀል ወይ ሸንቲ ናይ ዘይምቁጽጻር ጸገም ክፈጥር ይኽእል እዩ። እዚ ግና ብዙሕ ዘሻቕል ጉዳይ ኣይኮነን። ምስ ግዜ ክፍወስን ናብ ንቡር ክምለስን ይኽእል እዩ። ንግዚኡ መንዲል ንጽህና ምውዳይ ሓጋዚ እዩ።

## መዓስ ናብ ሓኪም ንኺይድ፧

ድሕሪ ሕርሲ ዝርአ ሸንቲ ክትቆጻጸር ናይ ዘይምኽኣል ጸገም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሰሙናት እናነኸየ እዩ ዝኸይድ። እንተዘይኪይዱ ግና፥ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ክትካየዲ ይግባእ።

ምስ ሕርሲ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ዕንቅፋት (constipation) ከምኡ'ውን ጀርባዶ (hemorrhoids)፥ ኣብ ውሽጢ ሰሙናት ክጠፍእ ምስ ዘይክእል ሕክምና ዘድልዮ እዩ።

## ቃንዛ ጡብ

ቃንዛ ጡብ ሓደ ካብቲ ድሕሪ ሕርሲ ዝርአ ጸገም እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ሕርሲ ጡብ ናይታ ኣደ ጸባ ክመልእ እንከሎ፥ ቃንዛን ዘይምቹእነትን ኪጋጥማ ንቡር እዩ።

እታ ኣደ ብጥበእ ክተጥቡ ምስ እትጅምር፥ መናፈት ኣፍ-ጡብ ስለ ዝኸፍት እቲ ቃንዛ ሸው ንሸው ክነኪ ይጅምር እዩ። ተደጋጋሚ ልብጦ ብዝበለ ማይ ንጡብን ኣፍ-ጡብን ምሕጻብ'ውን ነቲ ቃንዛ የህድእ እዩ።

ጡብ ጸባ ክመልእ እንከሎ፥ ነድሪ (mastitis) ይፈጥር እዩ።

## መዓስ ናብ ዶክተር ንኺይድ፧

ጡብ ነዲሩ ከም ዘሎ ዘርእዩ ምልክታት፦

- ምቕያሕ ብፍላይ ድማ ኣፍ-ጡብ፥
- ነቲ ጡብ ክትሕዞ እንከለኻ ሙቐት ከም ዘለዎ ምስትብሃል፥
- ኣካላዊ ረስኒ፥
- ሰዓል ዝመስል ምልክታት።

እዞም ምልክታት'ዚኦም ምስ እተርእዩ ዋላ ምጥባው ኣይተቋርጽ፥ ናብ ሕክምና ክትከዲ ይግባእ።

## ቃዝኖት ድሕሪ ሕርሲ

ድሕሪ ሕርሲ እታ ጓለንስተይቲ ጠባይ ናይ ምቕያር ባህርን ቃዝኖትን ክተርኢ ንቡር እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ንዊሕ ሰሙናት ምስ ዝቕጽል፣ ነቲ ቆልዓ ኣብ ምእላይ'ውን ጸገም ምስ ዝኸውን፣ ሓደገኛ ሳዕቤን ክፈጥር ከም ዝኽእል ምስትብሃል የድሊ።

ድሕሪ ሕርሲ ዝርአ ቃዝኖት ግቡእ ክንክን እንተረኺቡ ብቐሊሉ ክፍወስ ዝከኣል እዩ።

## ካልኦት ጸገማት

ድሕሪ ሕርሲ ልሙዳት ኣይኹኑ'ምበር ሓያሎ ጸገማት ይረኣዩ እዮም። ገለ ካብኦም፦

- ረኽሲ፥
- ጸገማት ልቢ፥
- ወቕዒ፥
- ሃንደበት ምዕጋት ሰር ደም (embolism) ወዘተ እዮም።

መዓስ ናብ ሓኪም ንኺይድ፧

እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ እተርእዩ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክትከዲ ይግባእ።

- ቃንዛ ኣፍ ልቢ፥
- ጸገም ኣብ እስትንፋስ፥
- ምንፍርፋር፥

ግቡእ ክንክን ድሕሪ ሕርሲ

- እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፦ እታ ኣደ ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ዝረኣየቶ ሃልክን ድኻምን ንምሕዋይ፥ ብዝተኻእለ መጠን ዕሹል ዕረፍትን ድቃስን ክትረክብ ይግባእ።
- ዝተዋህአ ሓገዝ ምርካብ፦ ንቲ ኣደ ድሕሪ ሕርሲ ንዕኣን ንወላዳን ኣለይ መለይ ዝብላ መቕርብ ክህልዋ ይግባእ። እዚ እታ ኣደ እኹል ዕረፍቲ ንኽትረክብ ሓጋዚ እዩ።
- ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምምጋብ፦ እታ ኣደ ዓቕማን ኣካላዊ ብቕዓታን ናብ ንቡር ተመሊሱ ነቲ ዕሸል ብጥበእ ክተጥቡ ኣብ ኣመጋግባኣ ቆላሕታ ክትገብር ይግባእ። ኣመጋግባኣ ንኣእካል፥ ጥረታት፥ ኣሕምልቲን ፕሮቲንን ዝሓቖፈ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ጸባ ጡብ ብዘዮጉእ ክወጽእ ምእንቲ ብዙሕሒ ፈሳሲ ክትወስድ ይምከር።
- ምውስዋስ፦ እታ ጓለንስተይቲ ኣብ ውሽጢ ገዛኣ ፍኹስ ዝበለ ምውስዋስ ኣካላት ክተካይድ ይግባእ።

## ኲሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 10:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዝኽሪ 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰወራ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ጉጅለ ባህሊ ንሰሪ 3ክፋል |
| 14:20 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ወግዒ ብዛረ ትግርኛ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት |
| 19:00 | ዕላል ምስ ስነ ጥበበውያን |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዝኽሪ 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰወራ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳዘዋዊ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ‘መሓመዲኖ’ ዳግም እንክትንበብ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ ጠቒስናያ ኢና፣ ምቁር ስነ-ጥበባዊ ስለ ዘይጽገብ ግን ነታ ‘መሓመዲኖ’ እትብል ግጥሚ ደጊምና ምስ ኣንበብኩዋ፡ ጽሓፊኣ፡ ጽሓፊለ ብዘመጽኣኒ ድምጋይ ንባበይ ከፍል መረጽ። ኣብዚ ‘መሓመዲኖ’ ዘርእስታ ግጥሚ፡ ጭልቅዕ መሓመዲኖ፡ “ይማጸ! ይማጸ!” ብምባል እንክደሃ፡ ንሽላን ይማታትዩ ዝጽውዑ። መሓመዲኖ ቃንዛ በርቲዑዎ ንኣዜብ እንክብሕጥርን እንክዘክረን፡ “እዛ ዓለም እንኮላይ ጨካናት ሰባት ዝሓቐፈት’ባ’ያ!” ብምባል ምስ ኑብሱን ምስ ኑብሲ እንዳምዩን ይብኣሱ። ተዛናጊሩዎ’ዩ፡ መስኪናይ መሓመዲኖ! ኣንባቢ ናይዛ ግጥሚ ኴንካ ምስቲ ስቅያት ምስ እትጋጠም፡ እዚ ጭልቅዕ መሓመዲኖ፡ “እንታይ ክብርር ናብ’ቶም ተጋደልቲ ከይዱ!” ክሰዕ እትብል ትኸውን። ንምኳኑ፡ ኑቶም ተጋደልቲ ከይዱዎም ደዩ ወላ ንሱቶም’ዮም ናብ ዓዱ፡ ናብ በረኻታቱ መጺኦሞ፧

“ወላዲኡ ኣብ መሳርዕ ናይቲ ሰውራ ተጸንቢሩ ነይሩ ይኸውን’ሞ፡ መሓመዲኖ ከኣ ብዛዕባ ኣቦኡ ደሃይ ክሓትት ከይዱዎም፧” ዝብል ባዕላዊ ካብ ንባብ ዝመንጨወ ጥርጣረ ኣሎኒ። ማለተይ፡ ምስ ተጋደልቲ ምቅርራብን ንተጋደልቲ ምብጻሖምን “ምስቲ ናብ ገድሊ ዝተጸንበረ ‘ኣቦኡ’፡ ጸቡቕ መንፈሳዊ ርክብ ይፈጥረሉ ነይሩ፡” ኢልካ ግምታት ክወሃብ ይከኣል’ዩ። ግን ከኣ “ናብ’ቶም ተጋደልቲ እንተ ዘይከይድ እዚ ኩሉ ስቓይ ኣይምወረዶን” ብምባል ርግጸኛ ክትከውን ቀሩብ ይኸብድ። ነቲ ዝገጠሞ ግፍዒ ዝመሰልን ካብኡ ዝበኣሰን ህልቂት ርእዩ፡ በርጊጉ ናብ ተጋደልቲ ክዕቀብ መጺኡ’ሎ፡ ‘ታይ ግድ’ኹም። ወላ ዝኾነ ግፍዒ/ህልቂት ጸላኢ እንተ ዘይገጠሞ፡ ኣብቲ ዝነበረሉ ቦታ ውሕስነት ስለ ዘይተሰመዖ፡ ንተጋደልቲ ክርእዮም እሞ፡ እንተ ማእሚኑዎ ምስኣቶም ክቃለስ ይሓስብ ነይሩ ይኸውን።

ተጋደልቲ፡ ኣሸንኳይዶ ቀሪቦካ ንኽትዕልሎም ዕድል ክትረኽብ፡ ብርሑቕ ንኽትርእዮም ጥራይ ማሰጦቲ ከም ዝነበሩ ዝሕብር ብዙሕ መርትዖታት ኣሎ። ማሰጦቲ ዝነብርዎ ድማ፡ ብናተይ ኣረኣእያ፡ እቲ ሐዝሞ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ተልእኾ’ዩ። መሓመዲኖ ኣብቲ እዋን ተጋደልቲ ዝዋረዱሉ ከባቢ ይጓሲ ነይሩ ይኸውን። ሃንደበት ተጋደልቲ ምስ ረአየ፡ ናይ ምጉዳል ወት ተቐሰቐሰ፤ ንኺጋደል ብምሕላን’ዩ ናብቲ ቦታ ተዛዊሩ፡ ዝብል ካልእ ግምት’ውን ዘይተቐልቀለ ኣይኮነን። ካብዚ ግምት’ዚ ዝተበገሰ “ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዘይመልአ ሕንግጊል ቁልዓ ክጋደል ደዩ ወላ ክሕለ፧” ዝብል ሕቶ ብልጭ ከም ዝበለ ኣይሓብእን። እንተ’ኾነ ሰውራ ኤርትራ ሓለፍቲ ናይ ኣሽሓት ዝቆጸርም ዝኣለዩ ህጻናት ከም ዝተሰከመ፡ ብዙሓት ዝመጹ ቁልዑን ዝኾስኮሱ መንእሰያትን ከም ዝሓቐፈ፣ ከምኡ’ውን ንምእሊያ ዘይብለን ዝተመዝበላ ስድራቤታት ሰውራ ከም ዘዕቆበ እንዘክር። ስለዚ፡ መሓመዲኖ ኣብ ንእሰ ዕድሜኡ ንኺጋደል ወሲኑ እንተ ነይሩ፡ ግዜኡ ዝጠልበ ቅቡልን ምኽኑይን ውሳነ’ዩ። ብሓጺሩ፡ እዛ ግጥሚ “መሓመዲኖ መዓልቱ ጸዊዓቶ እዩ ንተጋደልቲ ክበጽሖም ከይዱ” ኢልካ ንኽትዕግርፍ ከም ዘይትሓድገካ’ያ ኣረጋጊጹ።

ብልሙድ ኣዘራርባ “ተጋዳላይ ቤቱ ሓዲጉ ናብ ሜዳ ወጺኡ” ወይ “ክጋደል ከይዱ” ኢና እንብል። “ተጋዳሊት፡ ሳሕል ከይዳ ናጽነት ሒዛ መጺኣ” እውን ዘይንብል ኣይኮናን። ሳሕል ከም ዘይሳሕሉ ምንባሩ ንምንጋር ደዩ ኣይኮነን። እቲ መጋደልን እቲ ሜዳ ዝበሃልን ንተጋደልቲ ዘይሜዳኦም ስለ ዝበረ ደዩ ኣይፋሉን። ብመሰረቱ፡ ገድሊን ምጉዳልን ካብ ኤርትራ ወጺኡ፡ ብግዕዶ፡ መሸንገሊታትን ወንጌሜላትን እናወርወርካ ኣይኮነን ተኻይዱ። ገድሊ ኣብ ውሽጢ ገዛኻን ካንቸሎኻን ተዓጺኹ ምጽናት እናኣስተማቐርካ እውን ኣይኮነን ተሓሊፉ። ገድሊ ከም ኣይሂ ዝዘንብ መከራ ኣብ ዝጠንካ እና ኣጽሓኸ፡ ኣብ መሬትካ ኣይልዳልካ ብምርጋጽ፡ ኣብ ባሕርኻን ሰማያትካን ኣሚንካ ብምንቅስቓስ’ዩ ተበዲሁ። ገድሊ ኣብ ውሽጦኻ ጥሒልካን ጸንዖትካ ብምምስካርን’ዩ ተሓሊፉ። ስለዚ፡ ተጋደልቲ ዝጋደሉሉ ዝነበሩ ቦታ ኩሉ ዓዶም’ዩ። እቲ ደንከል ደንከሎም፡ እቲ ሰሜናዊ ባሕሪ ሰሜናዊ ባሕሮም፡ እቲ ደሴት ምስ ማርሳኡን ባሕሩን ናቶም፡ እቲ ሳሕል ሳሕሎም፡ እቲ ባርካ ባርካኦም፡ እቲ ቆላ-መታሕት ቆላ-መታሕቶም፡ እቲ ከበሳ ከኣ ከበሳኦም፤ ኩሉ ናቶም’ዩ። ኣብ ዘይመሬቱ፡ ኣብ ዘይባሕሩ፡ ኣብ ዘይዓዱን ዓውዱን ዝበረ እቲ ጸላኢ ጥራይ እዩ። ስለዚ፡ መሓመዲኖ ደዩ ንተጋደልቲ ከይዱዎም ዶስ ንሶቶም እዮም መጺኦሞ ኢልካ ካብ ምጭናቕ፡ መሓመዲኖን ተጋደልትን እቲ ሰውራ ኳሕኲሖምም እዮም ተመጻጺኦምን ተቐራሪቦምን ምባል ይጥዕም።

መሓመዲኖ ብሰንኪ ዝወረዶ ቃጻሎ ትንፋሱ ኣብ ዝሓለፈትሉ፡ ኣዜብ እታ ሓኪም በጥሎን “መሓመድ፡ መሓመደይ፡ መሓመዲኖ!” ትብሎ። ስሙ ጸዊዓ ክተበራብሮ ምፍታና፡ መሓመዲኖ ኣቐዲሙ ምስ ኣዜብ ለላ ከም ዝጸንሐ ይእምተልካ። ስሙ ደኣ ካበይ ኣምጺኣቶ’ሞ! ምናልባት እቲ “መሓመዲኖ” ዝበል ስም ሽው ዘጠመቐቶ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ንምንታይ’ሞ፡ “መሓመድ/መሓመዲኖ” ኢላ ተጠምቐኸ፧ ስሙ ሓቲታ ካብ ኣፉ ረኺባቶ ክይትብል፡ እቲ ኢጋጥሚ ዘዮተሓትት እዩ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ ስሙ ከም ዝሓተተቶ ዝእምት ንእሹቶ ፈቓቕ’ውን ኣይርከበን - ኣንባቢ ኴንካ ነዛ ግጥሚ እንክትርእያ። ስለዚ፡ ገጣሚ ተስፋማርያም ወልደማርያም ነዚ መሓመድን ኣዜብን ዝበል ኣሰማት ከም ዘሎዎ ኮይኑ ንኽቕጽል ምምራጹ፡ በዚ ኣሰማት ክመሓላለፍ ዝደለዮ ካልእ መልእኽቲ ከይሃለወ ኣይተርፍን። ካብዚ ንጻው ድማ’ዩ ነቲ እናሻዕ ኣብዛ ግጥሚ እናተቐላቐለ ንሰሚዒቱ ዘንጸባርቕ ገጣሚ ንኽተድህበሉ እትግደድ።

ንምኳኑ፡ ገጣሚ ምስክርነት ንምሃብን ኣብ ታሪኽ ኣብርኹቶ ንኽዝበርን ደዩ ብዛዕባ’ዚ ፍጻመ’ዚ በዛ ’መሓመዲኖ’ ዘርእስታ ግጥሙ ዝጸገና ዘሎ፧ ምናልባት። ግን ተስፋማርያም ወልደማርያም ኣብዛ ግጥሚ፡ ብዛዕባ’ቲ ኣሰቃቒ ፍጻመ ዝተፈጸመሉ ልክዕ ቦታን ግዜን ኣይዛረበን’ዩ’ኮ! እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ነዛ ግጥሚ ተራ ምስክርነት ገጣሚ ከም ዘይኮነት ዘተንበህ መዳይ እዩ። እሞ ንሱሓ ወይ ንጽሃት-ሰሚዒትካ ክንኑበላ ንኽእልዶ፧ ይከኣል’ዩ። ከምዚ ዝበለ ኣሰቃቒ ፍጻመ ብዓይኑ ርእዩዎን ተመኪሩዎን ክሱ ከይተዛረበሉ ብምጽናሑ፡ ነቲ ሓቂ ከም ምቕባርን ንስቓይ መሓመዲኖን ኣዜብን ፍትሒ ከም ምኽላእን ቈጺሩዎ ይጸንሕ’ሞ በዛ ግጥሚ ንሕልናኡ ካብ ወቐሳ የድሕኖ።

ገጣሚ ኣብ ልዕሊ’ቲ ኣብዛ ግጥሚ ዘሎ ፍጻመ ዝተሰመዖ ስምዒት ካብ ምግላጽ ዓዲ ኣይወዓለን። ስምዒታቱ ኣይሓብኦም፡ ኣይጸቕጦምን። ንምኳኑ፡ ገጣሚ ንስምዒታቱ ዘይመጽቀጠሉ ምኽንያት፡ ነቶም ብቓላት ዝተኣደቑ ስእልታትን እቲ ፍጻመን ኣብ ኣንበብቲ ዝኾነ ስምዒት ክፈጥር ኣይክእልን’ዩ ዝብል ስክፍታ ስለ ዝሓደሮ ደዩ ኣይመስለንን። እሞ ምቕ’ልቃል ስምዒታት ገጣሚ ደኣ እንታይ እዩ ጠቒሙ፧

ዝኾነ ኣብ ግጥሚ ዝቕልቀል ስምዒት ገጣሚ መቸም ኣብ ኣንበብቲ ክፍጥር ንዝኽእል ስምዒታት ንኹዓምቖን ንኸውዓውዖን’ዩ ዝፍትን። በዚ ኮይኑ በቲ እዛ ግጥሚ ነቲ ኣብ ስምዒታት ገጣሚ ብዙሕ ዝገደሰ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ልሙድ ዝነበረ ኣጸሓሕፋ ግጥምን ነቲ ድሕሪ 20 ክፍለዘመን ዝማዕበለ ግጥሚ ባዕሉ (ብሓይሊ ስእሊ-ሓሳባቱ) ንኽዝረብ ዝሓድግ ኣጸሓሕፋን ዝሓቘፈት እያ። ኣእምሮ ኣንበብቲ ከይርብሽ ብምባል፡ ገጣሚ ዝሓፍሮ ክፋል ብዘይምህላዉ ድማ ካልእ ተወሳኺ ባህሪ ናይቲ ድሕሪ 20 ክዘ. ኣብ ዓለም ዝማዕበለ ኣጸሓሕፋ ግጥሚ’ዩ።

እቲ ጸቡቕ ነገሩ፡ ብዘይ ናይቲ ኣብዛ ግጥሚ ዘሎ ስምዒት ገጣሚ፡ ዝኾነ ኣንባቢ ምስቲ ኣሰካሕካሒ ኩነታት ወይ ዕጫ መሓመዲኖ ክደናገጽ ይኽእል’ዩ። ምኽንያቱ ኣብዛ ግጥሚ ስምዒትን ሓሳረ-መከራን ኣዜብ ንባዕሉ ንናይ መሓመዲኖ ስቓይ ብዘየመቼ ከረድእ ስለ ዘኽእል። ክንጾ ምድ’ንጋጽ፡ ግንቦንብ የብሉ፣ የሰካሕክሕ። ምስቲ ጸላኢ ተባሂሉ ሓንሳእ ዝጥቀስ ጠንቂ ስቓይ መሓመዲኖ ዝኾነ ኣካል ድማ ንኽትጻላእ የቐስቦ። እቲ ጸላኢ ናፓልም ብዑሩት ዝደርበ ኢ-ደሰብኣዊ፡ ሰይጣናዊ ምኳኑ ትግንዘብ፡ ክትመውት ጥራይ ዘይኮነ ዝደልዮ፡ ብኣሰቃቒ መገዲ ክትሃልቕ ዝጽዕት ዓይነት ጸላኢ. ምኳኑ፣ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ካብ ኩሉ ፈልዩ ንጭልቅዓት ዝልክም ኣረሜናዊ፡ ባርባራዊ፡ ኣርባዪ፡ ኣህላኺ. . . ።

ገጣሚ፡ ልዕሊ ኣዜብን መሓመዲኖን ተመኪሮ ገድሊ ከም ዝበሮ ዝተኸወለ ምስ ዘይምኳኑ፡ ብመገዲ’ዛ ‘መሓመዲኖ’ እትብል ግጥሙ፡ ክንጾ ንሱሓን ምስክርነትን ክኸይድ ትጸበዮ። ክንጾኡ ምስ ዝኸይድ ጥራይ ከኣ’ዩ ናይ ገጣሚ ስራሕ ከም ዝተዋጽአ ዘመልክት። ገጣሚ፡ ኣብቲ ፍጻመ ምንባሩን ምድ’ንጋጹን ከርእየና ዝቐሰቦ ምኽንያት እምበኣር፡ “ውኑ ተጋዳልቲ ንኽውክል ካብ ምሕላን ዝተላዕለ’ዩ” ክበል እኽእል። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ገጣሚ ተስፋማርያም ወልደማርያም በዛ ግጥሙ፡ ንውኑ ናይቲ ኣብ ቅድመ ኤርትራዊ ሃገራውነት ዝበረ ሕብረተሰብ ኤርትራ ወከሉ ዝመጽአ ገይረ’ዩ ዝወስዶ።

**ኣሮን ተስፋኣለም**

## ‘መሓመዲኖ!’

ጸላኢ
ብናይ ውግኡ-ነፋሪቱ፤ ዝተፈኦ
ዝሰመ-እሳታዊ ናፓልም፤
ማይ’ኳ ዘጥፍኦ. . .
እዚ ዓሰርተው-ሓሙሽተ ዓመታት ዘይመልአ፤
ጭልቅዕ ወዲ
ንተጋደልቲ ከብጽሕ ኢሉ’ዩ ዚመጸ፤
ናብ’ታ ዓዲ. . .
ከልከም ዘይነበሮ__
ኣብ ዘይእዋኑ
ተለኪሙ!
ኣሸምባይ’ዶ ሰበሲ
ካልእ ፍጥረት’ውን ኪቐምሶ ዘይብሉ፤
ናይ ሕሰምታት-ሕሰም። ተለኪሙ!!

መላእ ኣካሉ፡ ከም ጥሉል ዕጸ፤
ይተኽኽ፡ ይነድድ።
ቂመኛ፡ ተረጋም ቀመም፤
ሓንሳብ ድሕሪ ሓዘ ሉኮዘይሰድድ!
እዚ ሽዊት ቁልዓ፡ ብኪትሰምዖ ዘሰካሕክሕ ቃንዛ፤
እና ኣንገርገረ የእዊ።
እንታይ ይገበር ግን፤
ብድርዕቶ’ውን ዘይዕበስ ሓዊ. . .

ንዝተቓጸለ ስጋኡ፡ ብዘይልቡ፡ በእዳዉ’ሞ፤
ይጸርግፎ
እቲ ድሮ ዝተፋኸመ ኣካሉ፡ ከም ፕላስቲክ እና ተማጠጠ’፤
ናብ ኣእዳዉ ይለግብ፡ ይልጠፍ።

እንትርፎ’ተን ዘውራሕርሓ ኣዒንቱ__
መላእ ኑብሱ፡ ናብ ሕመት ተለዊጡ - ከም ሕራር ጸሊሉ።
ብክትግምቶ ዘዋኽት ስቓይ፤
‘ማ ማጸ!’ ይብል፡ ይፈሓስ፡ ይልሎ’. . .

በዚ በኣይ’ሲ፡ ናይ ኣዜብ__ ‘ታ’ሓኪም’ ናይ በጠሎን
ናታ ገደዶ!
ንዝፎቓፎቓ ስጋኡ እናሓጸበት፡ ኣጽረየት፡ ሽፈነት__
ንዘይጠቕሞ፡ ፈወሲ-ርኽሰት እንካብ ተኣንግዶ
ኢህ! ውጉድ ኩይኑ’ምበር፡ ብኻ__ ብዞርፈን ጀሊሓ__
ናብ’ቲ ዘደንገዎ ዕረፍቱ ዘይትሰዶ!

እንተ ዓዘቶ፡ ብሰለስተ ዓመታታ ጥረሕ’ዩ።
ንዓኣ’ውን ዘይተሰለዐ ዘይተለከዐ ዘይተሸከ መርገም ወሪዱዋ!
ገና፡ ንትርጉም ናይ ሰብኣዊ ሕልፈት ከይበጽሓቶ__
ገጽ-ዘይብሉ፡ ስም-ኣልቦ ግፍዒ፤ ንኣፍ-ደለሸ ጥርቅምታ ፈሪዱዋ!!
ካብ ጉድኑ ዘይትፍለ!
በንጸርጸሮታቱ ሓሓሊፉ እንክፍሕጥር፡ ኪንኽሶ
ብዘይ ሃይታ፤ ትሚ-’ላ ትሰንበረሉ።
ሰውራ ዘይጸወሮ ድኻመት መሰልዋ፡ ብዘይቃላት__
በዒንታ፡ በጐበዕታ፡ ብደሃያ፡ ብሓልዮታ ጥራይ፤ ተቀጥጥረሉ።
እቲ ዘይኢትሃገር፡ ተካል ዕጫ ናይ’ዚ ቀኖርሰሰ ቁልዓ፤
ብደዋ ዓኒዱዋ።
እቲ ቐልቡ፡ ምስ’ዚ ኣብ ደርከኾቲ-ሞት ዘሎ ጭልቅዕ’ምበር
ካብ ኩሉ’ቲ ካልእ-ማልእ’ሰ፤ ተሸሊሉ ጋሪዱዋ. . .
ምስ ተሰውኣ’ኸ፡ ዒራ ዘርሕምሞ__
ከም’ዚ ኣብ ዘይእዋና ዝወለደቶ በሽራ፤
ናብ ኣፍ-ልባ ወቲፋ፤ ትሓቕፎ።
ትንቐንቖ-ትነቓንቖ!
እዚ ናይ ክልቲኦም ትርኢት’ዚ__
ኩሉ’ቲ ኣብ ዙርያኦም ዝነበረ ሰብ__
ይትረፍ’ዶ ንኽምስክረሉ’ስ፤
ነዛ ንምርኣዩ ኢዩ ዝጨነቖ!

ኣማኒያኡ፡ ተዓቒርም ዝጸነሐ ውሕጅዊ፡ ስርንዙሓዊ ንብዓት
ካብ ከርናዕት ናይ’ቶም ዝተጸምቁ ኣዒንታ፤
ብሽረብረብታ ይመልቁዋ!
‘መሓመድ!
‘መሓመደይ!!’
‘መሓመዲኖ!!!’ ትብሎ፤ ምልቃቑ ጨኒቑዋ!!

**ተቓናያይ ተስፋማርያም ወልደማርያም**

**ምንጪ፦ መጽሓፍ “ህያው ደብሪ”**


ሕብረ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሰውራ ኤርትራ - ካብ ቁልዒ ናብ ባርዕ

ስምኦን ወልደሚካኤል





“እዛ ሕጂ ንውልዓ ዘለና ቁልዒ ድሓር ኣሽሓት መንእሰያት ደቂ ኤርትራ ዝስሕኑላ ባርዕ ክትከውን እያ።”

ታሪኽ ኤርትራ ናይ ውግእን ዓመጽን ታሪኽ ዘይኮነስ ናይ ጽንዓት፡ ጅግንነትን ቀራጽ ምርጫን ታሪኽ እዩ። እታ ኣብ 1 መስከረም 1961 ብሓርበኛ ሓመድ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ዝተኮሰት ቀዳመይቲ ጠይት፡ ተራ ወተሃደራዊ ተግባር ጥራይ ኣይነበረትን። እታ ዕለት እቲኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሕብረት ንመግዛእቲ “ኣይፋል!”፣ ንሓርነት፡ ክብረትን ልኡላውነትን ከኣ “እወ” ዝበል ምርጫ ዝወሰደላ ክብርቲ ዕለት እያ። ስለዚ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ በረኻ ወጺእና ብረት ዝተኮስናሉ ዕለት ዘይኮነስ፡ ነቲ ብኢድ ካልኦት ዝጸሓፍ ዝነበረ ታሪኽናን መጻኢ ዕድልናን መንጢልና ጸሓፍቲ ጽሕፍቶና ንምኳን ዝጀመርናሉ እዩ። ሓቀኛ ናጽነት፡ ሓደ ሰብ ወይ ህዝቢ ንዘይምእምኦ ብትብዓት “ኣይፋል” ክብል እንከሎ እዩ ዝጅምር። ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ትረኽብ እምበር ህዝቢ ኤርትራ ብ1 መስከረም 1961 “ኣይፋል ንመግዛእቲ” ምስ በለ’ዩ ናጽነቱ ጀሚሩ።

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ “እዛ ሕጂ ንውልዓ ዘለና ቁልዒ ድሓር ኣሽሓት መንእሰያት ደቂ ኤርትራ ዝስሕኑላ ባርዕ ክትከውን እያ፡” ዝበል ቃል ትንቢት ሂቡ’ዩ። ቁልዒ ናይ ሓሳብን ናይ ባህግን መግለጺ እዩ። ዓዋተ ከምዚ እንከሎ፡ ሓርነትን ናጽነትን ኤርትራ ኣብ ኣእምሮ ውሑዳት ሰባት ከም ረቂቕ ባህጊ እዩ ነይሩ። ከምቲ ዝኣመቶ ግን እታ ቁልዒ ባርዕ ተቐይራ ነቲ ሓሳብ ናብ ኩሉ ተላቢዑ። ኩሉ ኤርትራዊ ከኣ ሰሒንሉ፡ ሞይቁሉ፡ ነዲድሉ። እዛ ጥቕሲ እዚኣ ንመሪሕነታዊ ንባህጊ ዓዋተ ጥራይ ዘይኮነትስ ንመሪሕነታዊ ብቕዓቱ እውን ትገልጽ እያ። ሓደ ሓያል መራሒ ማለት ብህሉው ጸበባን ጸቕጥን ከይተቐየደ ንመጻኢ ዝርኢ ዝኽእል እዩ። ዓዋተ ኣብቲ እዋን’ቲ ብቑጽሪ ውሑዳትን ድሑር መሳርያ ዝዕጠቑን ሰዓብቲ እዮም ነይሮሞ። እታ ዝሸርጠጣ ወይ ዘናኸሳ ሓዊ ግን ከም ዘይትጠፍእን ናብ ሰውራዊ ባርዕ ክትቅየር ምኳናን ግን ኣይተኸወሎን። ሕልናኡ በቲ ሕልና ዘዕርብ ዝነበረ ናይቲ እዋን ኩነታት ከይተተንከፈ ንመጻኢ ክርኢ ብምኽኣሉ ናይ ብሓቂ መራሒ እዩ።

ራእይ ዓዋተ ሰሚሩ። እታ ቁልዒ ናብ ኣሽሓት መንእሰያት ደቂ ኤርትራ ዝስሕኑላ ባርዕ ክትቅየር ኣይደንጎየትን። ሰውራዊ ባርዕ ንመግዛእቲ ዝበልዕ ሓዊ ጥራይ ኣይኮነን። ብዓቢኡ ነቲ ብመግዛእቲ ዝኸርደደ ኤርትራዊ ሰብነት ኣሚቑ ኣበራቢርዎ እዩ። እቲ ባርዕ ዝፈጠሮ ፋና ንጸላም መግዛእቲ ስለ ዘሳጎጐ ኤርትራዊ መገዲ በሪሁ፡ ዕምሪ ዘመነ ደንበርበር ከኣ ኣብቂዑ። መግዛእቲ ንተገዛኢ ህዝቢ ኣብ ጸልማት እዩ ዘንብሮም። ነቲ ጸልማት ዝዘርግ ጩራ ብርሃን ከይኣትዎ ከኣ ኣበርቲዑ ይሰርሕ። ናይ ዓዋተ ተኹሲ እምበር ነቲ ቀንዲ መሳርሒ መግዛእቲ ዝኾነ ጸልማት ንፈለማ እዋን ስለ ዝበተዐት እያ ካብ ኩሉ እቲ ዝተኮስናዮ ተኹስታት ፍልይቲ ክትከውን ዝበቕዐት። እታ ማሕታ ዝጸርገወቶ ጸርጊ ንኣሽሓት መንእሰያት ደቂ ኤርትራ መሪሓ ናብ ቃልሲ ጸንቢራቶም እያ።

ሰውራ ኤርትራ ብደለይቲ ናጽነት፡ ጸላእቲ ዓመጽ፡ መግዛእቲ ዘይቅበሉ፡ ንናጽነት ኤርትራ ዋጋ ዕዳጋ ዘይገብሩ መንእሰያት እዩ ተኻይዱን ኣብ ዓወት በጺሑን። መንእሰያት ኤርትራ ታሪኽ ዝሰርሕሉ መድረኽ እዩ። ታሪኽ ብተዓዘብቲ ዘይኮነስ ብንጡፋት ተሳተፍቲ እዩ ዝጽሓፍ። መንእሰያት ኤርትራ ግዳያት ናይ ታሪኽ ካብ ምኳን ወጺኦም ናይ ባዕሎም ታሪኽ ክጽሕፉ ዝመረጹ ቀራጻት ኮይኖም። መንእሰይ ብባህሪኡ ንዓመጽን ዘይፍትሓውነትን ኣምሪሩ ዝነጽግ፡ ንፍትሕን ናጽነትን ከኣ ብዘይ ተጉላባ ዘፍቅር ፍጡር እዩ። መንእሰያት ኤርትራ ንመግዛእታዊ ጸቕጢ ዘይምብርከኹ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንናጽነት ኤርትራ መስዋእቲ ክኸፍሉ ዘይማትኡ ምኳኖም ኣብ ታሪኽ ኣመስኪሮም እዮም። ነፍሲወከፍ ወለዶ ምስ ተልእኾኡ እዩ ዝውለድ። ብተግባራቱ ዝወሰዶም ምርጫታትን ኣቢሉ ከኣ ነቲ ተልእኾኡ ገሊኡ ይፍጽሞ ገሊኡ ይጠልሞ። መንእሰያት ኤርትራ ኣብ በበይኑ እዋን ወለዶኣዊ ተልእኾኦም ብንጹር ተረዲኦም እናፈጸሙ እዮም ክሳብ ሎሚ በጺሖም። ወለዶ ሰውራ ንውልቃዊ ህይወቱ ኣጸጊዑ ተልእኾኡ ንምፍጻም መስዋእቲ ከፊሉ እዩ። እዚ ያታ’ዚ፡ ብወለዶ ናጽነት እውን ተደጊሙ እዩ።

ሰውራ ኤርትራ ብተኣምር ዝተራእየ ዘይኮነስ፡ ብሓቦ፡ ፍልጠትን መስዋእትን መንእሰያት ዝተሃንጸ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። መንእሰያት ኤርትራ ንመግዛእቲ ዘቐበሉ፡ ንዓመጽ ዝተቓወሙን ንናጽነት ዋጋ ዕዳጋ ዘይገበሩን ብምኳኖም፡ ኤርትራ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኮይና ትቕጽል ኣላ። ታሪኽ መንእሰያት ኤርትራ፡ ናይ ሓደ ህዝቢ መራሕትን ፈጠርቲ ታሪኽን መንእሰያት ምኳኖም ዘረጋግጽ ህያው ኣብነት እዩ።

ኣብ ኣካዳምያዊ ስነ ሓሳብ፡ ውግእ ብባህሪኡ ናይ መወዳእታ ምርጫ እምበር ናይ መጀመርታ ጽምኢ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ክጅምር ከሎ፡ ኩሎም ሰላማዊ፡ ሕጋውን ፖለቲካውን መገድታት ምሕታትን ምምጋትን ምስ ተዓጽውዎ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ በሃገ ሰላም ህዝቢ እዩ። ክሳብ ሕጂ ብምርጫኡ ናብ ኩናት ኣትዩ ኣይፈልጥን እዩ። ብረታዊ ቃልሲ ክጅምር እንከሎ፡ መግዛእታዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ንሰብኣዊ መሰላቱን ናጽነቱን ምስ ዓምጠሮ ንኽብሩን ናጽነቱን ንምክልኻል ተፈጥሮኣዊ መሰል ስለ ዘለዎ እዩ ብረት ኣልዒሉ። ገዛኢ ብባህሪኡ ዓማጺ ስለ ዝኾነ ካብ ቋንቋ ዓመጽ ወጻኢ ክትዛረቦ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ሰላማዊ ህዝቢ እምበር ተገዲዱ እዩ ናይ ዓምጽቲ ቋንቋ ኣጽኒዕዎ ክበሃል ይከኣል እዩ። ስለዚ፡ 1 መስከረም ናይ ዓመጽ መጀመርታ ዘይኮነስ፡ ናይ ናጽነት፡ ሓርነትን ክብረትን ምርጫ እያ። ኣብቲ ቃልሲ፡ ብረት ናይ ዕላማ መፈጸሚ መሳርሒ ጥራይ እዩ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ንጸላኢ ንምቕታል ዘይኮነስ ሓርነትን ናጽነትን ንምርካብ እዩ ነይሩ።

ኣብ 1991 እቲ ባርዕ ንመግዛእቲ በሊዑ ነቲ ምእንቲ ሓርነቱን ክብረቱን ዝተቓለሰ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣትቢዑ ናጽነት ኤርትራ ኣበሲሩ። ዓመት መጽአ 1 መስከረም ክንዝክር እንከለና እምበኣር፡ ንሕሉፍ ታሪኽ ጥራይ ንምዝካር ዘይኮነስ፡ ነታ ንጽባሕ ከተብርህ ተባሂላ ዝተወልዐት ቁልዒ ንፋስ ክኣትዋን ዝሑል ማይ ከይከዕዋን ንምሕላዋ ዘለና መብጽዓን ተወፋይነትን ንምርግጋጽ እዩ። እዛ ናብ ብርሃን ናጽነት ዘብጽሐት ቁልዒ ብሕጂ እውን ዳግማይ ተባሪዓ ነቲ ዘይንደልዮ በሊዓ ነቲ እንደልዮ ከኣ ኣመልኪዓ ክትቅርበልና ሕጂ’ውን ክንዓጓ ከድልየና እዩ።

ልቦና

# ናትካ መገዲ ሓጐስ ኣሎካ

ኵሉ ሰብ፡ ብዘይ ተረፍ፡ ንሓጐስን ዓወትን ይደልየን እዩ። ሓጐስ፡ ናይ ደስታን ዕግበትን ኵነት እዩ። ሕጉስ ምኻን ጽቡቕ ስምዒትን ምልኣትን ምህላው ማለት’ዩ። ዓወት ከኣ ሓደ እወታዊ ነገር ምጕንጻፍ እዩ። ዕዉት ምኻን ናይ ምጕንጻፍን ዋንነትን ስምዒት ምህላው ማለት’ዩ። ዓወትን ሓጐስን ክልተኦም ኵነተ ኣእምሮ እዮም። ኣብ ኣተናን እምነትን ናይ ደላዩኦም ከኣ ይምርኰሱ።

ሓደ ኣብ ህይወቱ ክረኽቦም ዝደሊ ሰብ፡ ኣብ ገዛእ ነብሱ ይድለዮም። ብዛዕባ ዓወትን ሓጐስን ይሕሰብ። ብእወታዊ ኣመለኻኽታ ይወንኖም። ብእወታ ምሕሳብ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብእወታ ግብራዊ ምኳን የድሊ። ብዙሓት ሓለንቲ፡ ቀዳመይቲ ስጕምቲ ከይሰጐሙዋ እንከለው ይወድቁ፣ ስለምታይ? ኣብ ገዛእ ርእሶም እምነት ስለ ዘይብሎም፣ ዝሓሰብዎ ኣብ ምዕራፉ ኩብጽሕዎ ዝኽእሉ ዕዉታት ምኳኖም ኣይኣምኑን። እቲ ክዕወት’የ በሃሊ፡ ወትሩ ዕዉት እዩ። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት፡ ነቲ ዝሓለንዎ ከም ዝተዓወትዎ ገይሮም ብምሕሳብ ጕዕዞኦም ይፍልሙ።

ኣብዛ ዓለም፡ ካብ ስፍሓታ ዝዓቢ፡ ካብ ዕምቈታ ዝዓሙቕ፡ ዕድላት ዝመልኣት እያ። ዝጥቀመሎም ዝጽበዩ ዕድላት፡ ከም ሑጻ ባሕሪ ዘይተኣደኑ ሻሕ ኢሎም ኣለው። ከም ኣብ ፈልፋሊት ዒላ ማይ ምግላል እዩ። ሓደ ሳንኬሎ ምስ ቀዳሕካ ካልእ ሳንኬሎ ፈልፊሉ ይጸንሕ። ካብዚ ሻሕ ዝበለ ዕድላት፡ ዝቐደመ’ኳ እንተ ኣልዓለ፡ ትሕቲኣ ካልእ ዕድል ቀቢራ’ያ ትጸንሕ። ከቶ ኣይውዳእን። ብዙሓት ነዚ ሻሕ ዝበለ ዕድላት እዛ ዓለም ከይስተውዓሉ ረጊጾሞ ይሓልፉ። ገለኦም ከኣ ርእየሞ ክነሶም፡ ዕድላት ምዃኑ ኣይፈልጡን። እቶም ገለኦም ከኣ እናፈለጡ ኣየልዕልዎን። ነዞም ዕድላት ኣብ ረብሓኦም ንኸውዕልዎም ዘድልዮም ሓደ ነገር ጥራይ’ዩ። ንሱ ኸኣ ተበግሶ ምውሳድ። ካብ ሓሳባይ ናብ ተግባራይ ምስግጋር። ዝሓለኖ ብግብሪ ንምትርጓም ብትብዓት ዝብገስ ሰብ፡ ኣብ ህይወቱ ክበጽሖ ዝሓሰቦ ይበጽሕ፣ ዝበሃጎ ኸኣ ይረኽቦ። ዕዉትን ሕጉስን ምኽኑ ብምእማኑ፡ ሕጉስን ዕዉትን ይኸውን።

ሰብ ከም ሰብ ደኣ ይመሳሰል እምበር ፍጹም ሓደ ኣይኰነን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ፍጹም ዝተፈልየ እዩ። ንስኻ እቲ እንኮ ንስኻ ኢኻ፣ ንስኺ እታ እንኮ ንስኺ ኢኺ፣ ንሱ እቲ እንኮ ንሱ’ዩ፣ ንሳ እታ እንኮ ንሳ’ያ። ቅድሚ ሚልዮናት ዓመታት ኣብዛ ዓለም ሰብ ነይሮም፣ ብሕጂ ሚልዮናት ዓመታት ከኣ ሰብ ክነብሩ እዮም። ሓደ’ኳ ዝድገም፡ ፍጹም ዝድገም፡ የለን። ኵሉ ሰብ ዝተፈልየ እዩ። ካልእ ንስኻ-ንስኺ-ንሱ-ንሳ-ኣነ ቀዲሙ ኣይተፈጥረን፣ ድሒሩ’ውን ኣይክፍጠርን እዩ። እቲ ሓደ ኣብ ዓለም ዘሎ ንዓኻ ዝመስል ሰብ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። ከምቲ ንስኻ ካብ ካልኦት እተፈለኻ ዝኾንካ፡ ሓጐስን ዓወትን ንምርካብ እምበኣር ናትካ ዝተፈልየ ኣገባብ ኢኻ ትኽተል።

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል አስመራ

ኣቶ ሃብታኣብ ቀሺ. ግርመ ካሕሱ፥ ጓለይ ኤደን ሃብታኣብ ቀሺ. ግርመ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ነፍ/ሄራት ሃንሱ ወልዱ ተተካእቲ ደቅና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፃ8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሓጂና ኣሕመድ ፈደር ምባል ተሪፉ፥ ሓጂና ኣሕመድ ፈገሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ማሕበር ኣብነ ተኽለሃይማኖት ሓዙሓዝ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑምስክር ወረቐት 120373 መወከሲ. ቁ.113698/99 ኦሪጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07182588/07314394 ደዊሉ ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክወሃበና ምኳኑይ እሕብር፡፡

ማሕበር ኣብነ ተኽለሃይማኖት ሓዙሓዝ

---

ኣቶ ይሕደጎ ሃብተስላሴ ኣባይ፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣኽሻውል ምም/ ከባቢ. ጨርሒ. ኣብ ጎደና 119-5 ዚፕ ኮድ 1A119 ቁ.ገዛ 84/86 ፕሎት 41 ፓርሰል "E"መለለዩ መሬት ASD00023190 ብስም ወ/ሮ ብርኽቲ ቀሊታ ኣባይ፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ንብረት 1BRASM019807/0 ብዕለት 12/01/2026 ተመዝጊቡ ዝርከብ፥ ብቑ/መዝ/ 413/26 ብዕለት 27/08/26 ብውህብቶ ዝረኸብኩዎ ናብ ስመይ ክሕልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ የቕርብ፡፡

ኣቶ ይሕደጎ ሃብተስላሴ ኣባይ

---

ኣነ ኣመልካቲት ኑርዓይኒ እድሪስ ሐሴን፥ ኦርጂናል ናይ ገዛ ሊብሬቶ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም 16 ጎደና ደጂ/ሓሰን ቁ.ገዛ 50 ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብየገዛዕዋ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 121999 መወከሲ. ቁጽሪ 109298 ብስም ቦቶል ያሲን መሓመድ ዝተመዝገበ ስለዝጠፈኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07600568 ክሕብረና፣ እንተዘየሎ፡ መተካእትኡ ክወሃበና ምኳኑይ ኣፍልጥ፡፡

ኑርዓይኒ እድሪስ ሐሴን

---

ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ. (ኣስቤዛ ኣሕምልትን ፍረታትን) ገፍሮ በርበረን ቀመማቱን መጥሓኒኡን)
ዓዳጊ፦ ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ
ኣርእስቲ ውዕል፦ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ.)
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ሃገራዊ ጨረታ

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ ንዓመት 2027 ካብ ዕለት 1/1/2027 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ. ከሚጊርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ፥ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ. ኣሕምልትን ፍረታትን ብዕሹግ ደብዳቢ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ፍቓድ ንግዲ. (ሊቸንሳ) ቅዳሕ ናይ 2025 ክሊራንስ (clearance) ኣ/ው/ ሃገር Renewal for 2025 ብዘወሳኺ. ቅዳሕ መንነትን ኣርንትን የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፥ ካብ ቤ/ጽ/ም ኮቢ.ማስ ኣስመራ ወይ ድማ ብቑ.ቴሌ 08371121/08204284 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፥ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ኣብ ካሻር ከፊሎም ቅብሊት ብምምጻእ፥ ሰነድ ጨረታን መምርሒ. ጨረታን ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፥ ኣብ መበል 30 መዓልቲ ( ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይከውን ድሕሪ መበል 30 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፥ ወይ ሕጋውያን ወከልቶምን ክሳተፉ ዝደሊ. ሰብን ሰነሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጸኡ ሰባትን ኣብ እተረኽብሉ ብወግዒ. ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security-CPO) 200,000 ሽሕ ንኣሕምልትን ፍረታትን ክሽ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security-CPO) 50,000 ሽሕ ንግፍሮ በርበረን ቀመማቱን መጥሓኒኡን ክሽ ኣለዎ፡፡
9. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ ማሰረት ይካየድ፡፡
10. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ፥ ዝሓሸ ኣማራጺ. ምስ ዝረክብ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ
ቁ.ሳ.ፖ 87/88
ቁ.ቴለ .08371121/08204284

---

ኣነ ወ/ሮ ላውራ ወልደማርያም ክፍለ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጊዜጥኑዳ ፕሎት 52 ፓርሰል L፥ ጎደና 192 ቁ/ገዛ 11ዝርከብ፥ ስፍሓቱ ካብቲ 500 ት/ሜ እቲ 250 ት/ሜ ሽላ ዝኾይኑ፥ ኣብ ሚኒ/መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ/ካዳስተር ብዕለት 06/11/2023 ብቑ/ ንብረት 1BRASM014896/0፥ ብስም ፍስሃ ተስፋጊዮርጊስን ብስመይን ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፥ ብዕለት 05/10/2017 ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊ. ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳኑይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ላውራ ወልደማርያም ክፍለ
ሕ/ወኪል ወ/ሮ ኤልሳ ደብሳይ መሻሾ

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጊዜጥኑዳ ዚፕ ኮድ 1A192 ፕሎት 52 ፓርሰል L፥ ጎደና 192 ቁ/ገዛ 11 ዝርከብ፥ ብቑ.ንብረት 1BRASM014896/0፥ ብዕለት 01/11/18 ብስመይ ወ/ሮ ላውራ ወልደማርያምን ብስም በዓልቲ ቤተይ ፍስሃ ተስፋጊዮርጊስን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ምህላዉ. ዝፍለጥ ኮይኑ፥ ኦርጂናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ብቑ.ቴሌ 07211641 ክሕብረና፣ እንተዘየሎ፡ ካልእ መተካእታ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ክወሃበና ምኳኑይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ላውራ ወልደማርያም ክፍለ
ወኪል ኤልሳ ደብሳይ

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ.. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ. ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቑ. ስልኪ. 110179 ደውሉ ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ኀዳኢ. እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ. ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ብስም ወ/ሮ ስቲ መሓመድ ኢብራሂም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0880 ቑጽሪ መዝገብ DAR-0752 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ ናይ G22G49 ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ዚያዳ ኣዝመራ ኪዳኑ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ - ተሌፎን 07663151፣ ካብ ዕለት 1/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ስቲ መሓመድ ኢብራሂም

---

ብስም ኣቶ የዕበዮ ጊላይ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00002294 ቑጽሪ መዝገብ 00002071 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማይ ድማ ዝርከብ ናይ ቤት ቁርሲ ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ንግስቲ ጊላይ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማይድማ - ተሌፎን 07254188፣ ካብ ዕለት 08/09/2026 ክሳብ ዕለት 08/09/2028 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሕጋዊ ወኪል ሚሮን

---

ወ/ሮ ንግስቲ መሓሪ ሃብቱ +3፣ ብወርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ኣስመራ ከባቢ ቪላጆ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 8 ፓርሰል -H- ጎደና 127-6 ቁ/ገዛ 26 ASP00040909 ዚፕ ኮድ- 1A127/8 ስፍሓት መሬት 225 ት/ሜትሮ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁ/መዝገብ 15902-12091 ቑጽሪ ምስክር ወረቐት 105904 መወከሲ ቑጽሪ 124849 ብስም ወላዲትና ኣፍ/ራት ለተብርሃን ሃብተ ዝተመዝገበ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከተመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝወጸሉ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት/ጽ ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘለና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ መሓሪ ሃብቱ

---

ኣመልካቲ መሓመድ ሐሰን ዑመር፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ኣቡሻህ ዝርከብ ገዛ፡ ፕሎት ክፋል 15 ፓርሰል ኢዩ ASP 00006684 ስፍሓት መሬት 510 ት/ሜ ብዘለሓ ክፍሊ ቀንዲ 7 ተሓጋጋዚ 5 ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 59426/97935 ብስም ኣውራሲትና ነ/ሄር ፋጡማ መሓመድ ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ዓዳጊ ብርሃነ ማሕራይ ከተመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ሐሰን

---

ወ/ሮ ሙና ያሲን ኑርሑሴን ዝተፈቕደለን ናይ ማስርሒ ስፍንግ ንግዳዊ ትካለን "ሞናሊዛ ፋብሪካ ስፍንግ" (MONALIZA FOAM PRODUCTION) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝተሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሃቢ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞ/ኣኽርያ ናይ ቅድም መዝገብ ኣስመራ ዞባ (8) ምም 09 ጎደና ብቁ.ምስክር 109261 መወከሲ ቑጽሪ 125939 ጎደና 672 ቁ.ገዛ 7 ቁ.ሎታ 18 ቀንዲ ክፍልታት 4 ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ዘለዎ፡ ብስም ወረስቲ ዓብዱሰላም ኣድሓና ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ካብ ኣሕዋተይ ኣብ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ብምቕራብ ብወህብቶ ዝረኸብክዎ መንበሪ ገዛ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ዑስማን ዓብዱሰላም ኣድሓና

---

ብስም የርዳኖስ ገብርኣብ ዘወልዲ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን KEL00012117 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ሓጋዝ ዝርከብ ናይ ሆቴል J10 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳልማ ረድኢ ሸኹዲን፡ ኣድራሻ ሓጋዝ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

የርዳኖስ ገብርኣብ ዘወልዲ

---

ኣነ ዓድል መብረክ ዒድ ኣልፈይሰል፡ ናይ ወላዲት ኣደይ ነ/ሄር መዲና ሳልሕ መሓመድ ደስታ፡ ሕጋዊ ወራሲ ከም ዝኾንኩ ብቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል መ/ቁ 14/2019 ኣረጋጊጹ፡፡ በዚ ወርሲ ዝረኸብክዎ ቀዋሚ ንብረት ገዛ ኣብ ዞባ 6 ምም 03 ጎደና-ኡ ቁ/ገዛ 77 ብናይ ኮምሽን ምጽራይ ኣባይቲ ምስክር ወረቐት 101016 መ/ቁ 100534-100527 ዝተመዝገበ፡ ዋንነቱ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ወይ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤ/ጽ ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ የቕርብ፡፡ ምስ ዘይቀርብ፡ ዋንነቱ ከረጋግጽ ምዃነይ እሕብር፡፡

ወኪል ዓቡዱ ሳልሕ መሓመድ

---

ብስም ተስፉይ ገብረመድህን ወልደትንሳኤ፡ ብመወከሲ ቑጽሪ 03/001614 መለለዪ መሬት ASP00018087 ዝፍለጥ፡ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ማይተመናይ ጎደና 143-15 ዚፕ ኮድ 1A143 ፕሎት 172 ፓርሰል I ስፍሓት መሬት 281.80 ት/ሜ ናይ ዝተመርሐ ሰነዳት 1. ምርሒት መሬት 2. ሰሌዳ ውዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬት 3. ለካሽን ፕላን ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝነበረ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07154046 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወራሲ ኣቶ የማነ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር

---

ብስም ብርሃነ ተኽላይ ኢያሱ፡ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ጻ/ክርስትያን ብመወከሲ ቑጽሪ 000239 ቑጽሪ ምስክር ወረቐት 009610 ፕሎት 91 ፓርሰል E ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝነበረ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07800003 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

# “ምስጢር ዓወትና፡ ወለድናን መማህራንናን እዮም” ተሸለምቲ ተማሃሮ

የሴፍ ሃይለማርያም

2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል፡ ኣብ ማትሪክ 2026 ካብ 3.0 ክሳብ 4.0 ዘምጽኡን፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ 2026 ልዕሊ 90 ነጥቢ ዘመዝገቡን ተማሃሮኡ፡ መዳልያ፡ ብፍረይም ዝተዳለወ ወረቐት ምስክርን ቦርሳን ብምሃብ ኣተባቢዑ።

ናይ'ዞም ተማሃሮ ከርዓት ከም ዝተሰመየ ዝጠቐሰ መም/ ኣማኑኤል፡ ኣብ'ዚ ልዑል ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎም ተመሃሮ ንምፍራይ ዝተዋደደ ዘሎ መድረኽ፡ ብሕጂ'ውን ተማሃሮ ተሸለምቲ ከም ቀደሞም ኣብርቲዖም ክጽንዑ፣ ተራ ወለድን መማህራንን ድማ ብዓጸፋ




ተማ/ ሳብሪና ምስ ወለዳ

ኣብ'ቲ ብሰሞኑ 6 መስከረም፡ ኣብ ሲነማ ሮማ ዝተኻየደ ምዕሩግ ስነስርዓት ምዕዳል ሽልማት፡ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ



መም/ ኣማኑኤል ገብረሚካኤል

ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኮሚቴ ወለድን ወለዲ ተሸለምትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ መኽፈቲ ናይቲ መደብ፡ ዳይረክተር ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ መም/ ኣማኑኤል ገብረሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኹሎም ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ተሸለምቲ ተማሃሮን ወለዶምን እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ ብሉጽ ነጥቢ ብምምጻእ ስሞምን ስም ቤት ትምህርቶምን ንምኽሓዕ ዝገበርዎ ጻዕርን ዓወትን ኣማስጊኑ። መም/ ኣማኑኤል ኣስዒቡ፡ ሎሚ ዓመት ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ኣምጺኦም ዝሓለፉ ተማሃሮ 74.3% ምዃኖም ጠቒሱ፡ ካብዚኦቶም እቶም 30 ተማሃሮ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ዘምጽኡ ምዃኖም ሓቢሩ። እዚ ዓወት፡ ሳላ ሓያል ጻዕሪ ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ ቤት ትምህርትን መማህራንን ዝተረኽበ ምዃኑ'ውን ኣረዲኡ።

ቀጺሉ፡ ቤት ትምህርቲ ብወጻኢት ክዝይድ ኣዘኻኺሩ።

ፈለማ ኣብ ጀነራል ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተማሃሮ'ዮም ዝተዳለወሎም ሽልማት ተቐቢሎም። ድሕሪ'ዚ ድማ፡ ኣብ ማትሪክ ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ሽልማቶም ተዓዲሎም።

ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተማሃሮ፡ ኣሰማዕቶም እናተጸወዐ፡ ብዕልልታን ጣቕዒትን ሕቝፍ ዕምባባን ወለዲ ተሰንዮም፡ ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ኢድ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከልን ኮሚቴ ወለድን ድሕሪ ምቕባሎም፡ ንገለ ካብ ተሸለምትን ወለዶምን ሓጎሶም ክገልጹና ተወኪሶናዮም ነይርና።

ፈለማ ዝተወከስናዮ ተማሃራይ ዮዳኤል የውሃንስ ኮይኑ፡ ኣብ ማትሪክ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ዝተሸለመ እዩ። ተማሃራይ ዮዳኤል፡ ካብ'ቶም ካልኦት ተሸለምቲ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ፍልይ ዘበሎ፡ ንሽሞንተ ዓይነት ትምህርቲ፡ ኤይ (A) ዘምጽአ ሃብሮም ምዃኑ'ዩ። ምስጢር ዓወቱ፡ ምሕደራ ግዜ ምዃኑ ዝገለጸ ተማሃራይ ዮዳኤል፡ ነተን ዝተዋህባኦ ግዜ ብዮዘቱ እናተጠቐመ ስለ ዝተማሃረን ዘጽንዐን፡ ነዚ ዓወት ክሓፍስ ከም ዝኸኣለ ሓቢሩ። ምስኡ'ውን ምኽሪ መማህራንን ወለድን ኣብ ዓወቱ ልዑል ተራ ከም ዝነበሮ ገሊጹ። ተማሃራይ ዮዳኤል፡ ኣሉታዊ ጽልዋ መዛና ካብ'ቲ ንሓደ ተማሃራይ ምስ ምሉእ ዓቕሙ ክሓምቕን ክተርፍን ዝኽእል ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብሕጂ ዝፍተኑ ተማሃሮ፡ ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ መዛና ክርሕቁ መኺሩ። ተራ ወለዱ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ናይ ትምህርቱ ልዑልን ዘይርሳዕን ምዃኑ ገሊጹ ከኣ፡ እዚ ዓወት ንኣኦም ከም ዘወፍዮ ሓቢሩ።

ዶ/ር የውሃንስ ተኸስተ ዳይረክተር ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ ኮይኑ፡ ዮዳኤል ወዱ፡ ፍረ ጻማ ናይ'ቲ ለይትን ቀትርን ዝጸዓረሉ ዝበረ ትምህርቲ ክሓፍስ ምብቅዑ ልዑል ሓበን ከም ዝሰምዖ ገሊጹ። ከም ወላዲ መጠን፡ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣልማዝ ተኽሊ ብምዃን፡ ሞራል ይሁብዎን የበራትዕዎን ከጽንዕ ይደፍእዎ፡ ምስኡ'ውን ዘድልዮ መጻሕፍትን ካልእን ገዚኦም ከም ዘቕርቡሉ ብምሕባር፡ ኩሎም ተሸለምቲ በዚ ሎሚ ዝተጐናጸፍዎ ሽልማትን ምትብባዕን ዚያዳ ክጸፍዑን ትምህርቶም ብጽኑዕ ክውድኡን ኣብ ብሩህ ዘሎ መምህርን ህዝብን መንግስትን ከኽሕሱን ተላብዩ። ኣብ መወዳእታ ዶ/ር የውሃንስ፡ ወለዲ ኣብ ደቆም ተሰፋ ከይቆርጹ፡ ካብ መጀመርያ እናተኸታተሉ ከተባብዕዎምን ዓቕሞም ዘፍቅዶ ክቕርቡን ብምዝኽኻር፡ ምስኡ'ውን ኩሉ ሰብ ብትምህርቲ ጥራይ ይዕወት ማለት ስለዘይኮነ፡ ናይ ደቆም ውሽጣዊ ተውህቦ ኣለልዮም ናብኡ ክደፍእዎም መኺሩ።

ቀጺልና ዝረኸብናያ ተማሃሪት ሳብሪና ክፍሎም ኮይና፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ብምምጻኣ፡ እዚ ሽልማት ዝጸቕዐት ሃብሮም'ያ። ተማሃሪት ሳብሪና፡ ከም'ቲ ዝኾነ ሰብ ኪዲጻዒ ዘይዕወት፡ ብወገና'ውን እዚ ነጥቢ ብሓያል ውልቃዊ ጻዕራን መጽናዕትን ከም ዘምጽኣቶ ብምሕባር፡ ዘዩቋርጽ ደገፍ ወለዳን ምትብባዕ መማህራናን'ውን ኣካል ዓወታ ምዃኑ ትገልጽ። ኣብ ሳዋ፡ ትፅግስቲ ተጻዋርነት፡ ሓበርኣ ምንባርን ምሕያል ርእሰ ምትእምማንን ከም ዝተማሃረት ዝገለጸትልና ተማሃሪት ሳብሪና፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮሌጅ ትምህርታ፡ ጻዕራን መጽናዕታን ብምሕያል፡ ብዘለዓለ ደረጃ ትምህርታ ክትዛዝም ተዳልያ ከም ዘላ ኣረዲኣ።

ወላዲኣ ኣቶ ክፍሎም ሚከኤል - ካብ ሮራ ዲጂታል ሳብረሪ ብዮገደኡ፡ ሳብሪና ጓሉ ካብ መጀመርታ ንፍዕትን ማስተወዓሊትን ምንባራ ብምግላጽ፡ ከምዚ ዓይነት ብሉጽ ወጽኢት ኣመዝጊባ ናብ ኮለጅ ክትጸምበር ምብቅዓ ልዑል ሓበንን ኩርዓትን ከም ዝተሰምዖ ገሊጹ። ብወገኑ፡ ከም ኩሉ ወላዲ ዓቕሙ ዘፍቅዶ እናሓገዘን እናተባበዐን፡ ዘድልያ መጻሕፍቲ እናቐረበን ሓልዮትን ምክትታልን ከም ዝገበረላ ዝጠቐሰ ኣቶ ክፍሎም፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮሌጅ ትምህርታ'ውን ካብ ጎድና ከም ዘይፍለ ገሊጹ። ኣካል ዓወት ናይ ኩሎም ተሸለምቲ ተማሃሮ ንዝኾኑ ወለዲ፡ መማህራንን ኣሊዩቶምን ብዓበኡ'ውን ጥጡሕ ባይታን ዕድላትን ትምህርቲ ንዘፈጥረሉም ዘሎ መንግስቲ ኣማስጊኑ። ወላዲት ተማሃሪት ሳብሪና ወ/ሮ ዮዲት የማን ብዮገደኣ፡ ፍሪ ጻዕሪ ጓላ ክትርኢ ምብቅዓ ኣመና ከም ዝተሓጐሰት ብምግላጽ፡ ሳብሪና ተቐቢላቶ ዘላ ሽልማት፡ ኣብ ቀጻሊ ኣብርቲዓ ኣጽኒዓ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ሓላፍነት ዘሰክማ ምዃኑ ሓቢራ። ንጓላ ከም መሓዛ ኮይና ከም እትከታተላን ከም እትሕግዛን ብምሕባር ከኣ፡ ወለዲ ንደቆም ተመሳሳሊ ሚላ ከጥቀሙ ኣዘኻኺሩ።




ተማ/ ዮዳኤል ምስ ስድራቤቱ

ከጥቀሙ ኣዘኻኺሩ።

ተማሃራይ እሰይ ሃይለ እውን ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ዝተሸለመ ሃብሮም'ዩ። ተማሃራይ እሰይ፡ ነዚ ዓወት ክጐናጸፍ ዘኽኣሎ ንመጽናዕቲ ግዜ ሂቡ ሳላ ዝጸዓረን ዝተገደሰን ምዃኑ ሓቢሩና። ወለዱ'ውን ብቐጻሊ ይሕግዙዎን የተባብዑዎን ከም ዝነበሩ ጠቒሱ፡ እዚ ዓወት ንዓኦም ዝዮቦእ ምዃኑ ገሊጹ። ኣብ ሳዋ፡ ኣሕዋት ኮይንካ ብሓንሳብ ምንባር፡ ብሓንሳብ ምጽናዕን ምትሕግጋዝን ካብ'ቲ ዝተማሃሮ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ኮለጅ ምስ ኣተወ'ውን ብተመሳሳሊ ሚላ ትምህርቲ ክቕጽል ድሉው ከም ዘሎ ኣረዲኡ። ወለዱ ኣቶ ሃይለ ስዩምን ወ/ሮ ኣኸበረት ገብረትንሳኤን ድማ፡ እሰይ ወዶም ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኡ ፍረ ጻዕሩ ብዮወት ክሓፍስ ምብቅዑ ዝተሰምዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ብወገኖም ከም ኩሉ ወላዲ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ይሕግዝዎን የተባብዕዎን ከም ዝነበሩ፣ ንሱ'ውን ካብ መጀመርያ ንፉዕን ማስተወዓልን ምንባሩ ኣረዲኦም።

ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኣ ዝተሸለመት ተማሃሪት ዴቦራ ገብረብርሃን'ውን፡ ምስጢርን መሰረትን ዓወታ ብቐንዱ ወለዳ ከም ዝኾኑ፣ ብምቕጻል ድማ፡




ተማ/ እሰይ ምስ ወለዱ

ኣብ'ዚ ደረጃ ዝበጽሐት፡ ዝተዋህበ መምርሕ እናተኸተለት ንግዜኣ ብጽቡቕ ስለ ዝተጠቐመትሉን ዘድልያ መጻሕፍቲ እናናበበት ስለ ዘጽንዐትን ምዃና ትሕብር። ማዕረ ማዕረኡ'ውን ምስ መሓዙታ ኮይና ስለ ተጸንዐን ሞራልን ደገፍን መማህራና ስለ ዝተገበረላን ከም ዝተዓወተት ተረድእ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንዓወታን ሽልማታን ኣብ'ዚ ደረጃ ዘበጽሑዋ ወለዳ ከም እተወፍዮ ትሕብር። ተማሃሪት ዴቦራ ኣስዒባ፡ “ኣብ ሳዋ፡ ምስ ተማሃሮ ከመይ ጌሩ ማሕበራዊ ዝምድና ይንበርን ይዋሳእን፡ ከምኡ'ውን ንጠባይካ እትፈልጦ ምስ ከማኻ ዕድመ ምስ ተራኺብካ ስለ ዝኾነ፡ ከመይ ጌርካ ምስ ዝተፈላለየ ባህሪ ዘለዎም መኩሕ ተማሃሮ ጠቢዩካ ተመሓይሽ ተማሂረ፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ካብ ዘደሊ ጽልዋ መዛና እናሃደምኩ፡ ብዘይ ናይ ወለዲ ደገፍ ከመይ ገይረ ርእሰይ ኣኽእል ተማሂረ” ኢላ። ወላዲታ መም/ የሩሳሌም ሃብተሚካኤል ብወገና፡ ዴቦራ ጓላ ብናታ ተበግሶን ጻዕርን ኣብ'ዚ ደረጃ ክትበጽሕ ምብቅዓ ኣመና



መም/ ተኽላይ ኣበዶም

ሕጉስትን ሕጉስትን ምዃና ብምግላጽ፡ ብወገና'ውን ጽቡቕ ባይታ እናፈጠረት፡ ብኸፉት ልቢ፡ መሓዛኣ ገይራ ትሕግዛን ትተባብዓን ምንባራ ሓቢራትና።

ተማሃሪት ኢለም ኢሳይያስ፡ ኣብ ጀነራል ዝለዓለ ነጥቢ ማለት 99.2% ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ። ንሱ፡ ኣብ ክፍሊ መምህር ክገልጽ ከሎ ብጽሞና ከም ትከታተል፣ ኣብ ግዛ ብፕሮግራም ተመሪሓ ከም እተጽንዕ፡ ምስኡ'ውን ናብ ቤት ንባብ እናኸደት ምስ መሓዙታ ስለ ትመያየጥ፣ ከምኡ'ውን ናይ ዝሓለፈ ፈተናታት ሕቶታት ስለ ትምልስን ጽሟቝ ነጥባታት (summary notes) ኣውጺኣ ስለ እተጽንዕን፡ ኣብ ጀነራል ዝለዓለ ነጥቢ ክተመዝግብ ከም ዝበቕዐት ሓቢራ። ኣብ ዝቕጽል ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርታ'ውን መደብታ ሰሪዓ ኣብርቲዓ ከም እተጽንዕ ገሊጻ።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል




ተማ/ ዴቦራ ምስ ስድራቤታ

# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ንዘረባ ዘይምህዋኽ

ሓሲብካ ምዝራብ ሓደ ጸቡቕ ልምዲ'ዩ፡፡ ካብ ዘየድሊ ዘረባ፣ ሳዕቤኑን ናጻ ንኽትከውን የኽእለካ፡፡ ብዐበኡ ቅድሚ ምዝራብካ ምሕሳብ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለካ ዝምድና ብኣሉታ ንኸይጽሎ፣ ኣብ ልዕለኦም ሕማቕ ስእሊ ንኸይትሕድርን ይሕግዘካ፡፡

ምኽንያቱ ቃላትካ፣ ዓወት ወይ ውድቀት ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ኣእምሮ ስለ ዘስርጹ፡፡ ቅድሚ ምዝራብካ ምሕሳብ ክንብል ከለና፣ ንኽትብሎም መሪጽካዮም ዘለኻ ቃላት ብጥበት ምምርማር፡፡ ክስብ ንኻልኦት ሰባት ኣይጎድእን እዩ ኢልካ ትኣምነሉ ዘይምዝራብ፡፡ ቅድሚ ምዝራብካ ምሕሳብ ጥበበኛን ክኢላን ክትከውን ሓጊዙ እዩ፡፡ ከምኡ'ውን ንሓደ ኣሉታዊ ነገር ናብ እወታዊ ንኽትቅይሮ ኣየጸግመካን፡፡

ቅድሚ ገለ ነገር ምግባርና ግድን ኢና ንሓስብ፡ ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ቅኑዓት ኣይኮንናን፡፡ ጌጋ ኣካል ህይወትና፡ ዕብየትናን፡ መማሃርናን እዩ፡፡ ስለዚ ቅድሚ ገለ ምግባርና ዘረባ ምስ ነቋርጽ፡ እንወስዶ ስጉምቲ ዕላማ ይህልዎ፡፡ ኩሉ እንብሎ ቃላትን ብርድኢትን ይኹውን'ሞ ዓወት እናቋመትና ብርእሰ ተኣማንነት ናብ ውሳነ ክንኣቱ የኽእለና፡፡ ከይሓሰቡ ንኽዝረቡ ዝሀንደዱ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን፡፡ ከምዚ ዓይነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት፡ ድሩኻት ዝረባ ከም ባህሪ ወይ ጠባይ ወሲዶም ከይሓሰቡ ዝዛረቡን ናብ ውሳነ ዝኣትዉን እዮም፡፡ ከምዚ ዓይነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት ቃሕ ዝበሎም ተዛሪቡ ወይ ፍኑዋት ተዛሪቡ ኢልና ክንጽውዖም ይከኣል፡፡

"ህይወት እምብዛ ምሕሳብ እምበር ብዙሕ ምዝራብ ኣይኮነትን"- ሜሪ ስይመኦ፡፡ ግድነት ቅድሚ ምዝራብካ ክልተ ግዜ ክንሓስብ ኣለና፡፡ ከይ ሓሲብካ ምዝራብ ክተቋርጾ ምስ እትደሊ ብቕዓምነት ብዙሕ እቲ ጠባይ ጸቡቕ ርድኢት ክህልወካ ኣሎም፡፡ ግዜ ሂብካ ነየም መዓልታዊ እትዛረቦም ቃላት ምጽሓፍን፡ ከምኡ'ውን ነየም ከይሓሰብካ ዝተዛረብካዮም ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ነቲ ዛዕባ ብጥበት ምስትምሃርን ምርዳእን የድሊ፡፡ ገለ ኣርእስታት ዝያዳ ክትሓስብ ዘድልዩ ኣለዉ፡፡ ከመይ ጌርካ ትዛረብ፡ ከምኡ'ውን



ከመይ ዓይነት ገጸ ባህሪ ተንጸባርቕ ብጥበት ምርዳእ፡፡ ብፍላይ ከመይ ኢልካ ትዛረብ ማለት ክንደይ ከም ዝተረድኣካ ስግዕቲ ንኽተፍልጥዎ ቀሊል'ዩ፡፡ ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ምስ ዝጋኑ ብሰንኪ ህድእ ኢልካ ዘይምዝራብ ብዙሕ ሓዊር ይኸስር እዩ፡፡ ኣብ ፍቕሪ ዝጋጥም ጌጋ ሃዲእካ ምዝርራብ ውሒ እዩ፡፡

ሓደ ሰብኣይ፡ ካብ ስራሕ ኣዝዩ ደኺሙን ተጨኒቑን ናብ ገዝኡ ተመልሰ፡፡ ሰበይቱ ብስራሕ ገዛን ቈልዑን ኣዝያ ደኺማ'ያ ወዒላ፡፡ እቲ ንድሪር ኢላ ዝሰንከተቶ ቅጫ፡ ሓሪሩ ነበረ፡፡

ሰብኣያ ድማ ነቲ ዝሓረረ ቅጫ ርእዩ'ሞ፡ ኣይተዛረበን፡፡ እታ ሰበይቲ "ዋይ ይቕረታ፡ ሎሚ ዝሰንከትክልኩም ቅጫ ሓሪሩኒ" ኢላ ብሕፍረትን ብሰክፍታን ክትዛረብ ጀመረት፡፡

እቲ ሰብኣይ ዋላ ሓንቲ ሕማቕ ቃላት ኣይተዛረበን፡ ነቲ ዝጸለመ ቅጫ እናበልዐ፡ "ጸቡቕ ጌርኪ ሰሪሕክዮ ኣለኺ፡፡ ኣዝዩ'ዩ ጥዑም"፡ ብምባል ፍሽኽ በለ፡፡ እቲ ንእሽቶ ወዶም ነቲ ኩነታት ይዕዘብ ነበረ፡፡ ካብ'ቲ ድራር ምስ ተላዕሉ እቲ ቈልዓ ናብ ኣቦኡ ብምኻድ፡ "ኣቦይ፡ ብሓቂ ዲኻ ነቲ ዝሓረረ ቅጫ ፈቲኻዮ፣" ክብል ሓተቶ፡፡ እቲ ኣቦ ድማ ንወዱ ከምዚ ብምባል መለሰሉ፡ "ወደየ እቲ ዝሓረረ ቅጫ ንሓደ ሰብ ኣይጎድእን እዩ፡፡ እንተኾነ እቲ ካብ ከናፍርና ዝወጽእ ዝሓረረ ቃላት ግን ንልቢ ሰብ ጎዳኢ እዩ፡፡ ኣዴኻ ሎሚ ኣዝያ ደኺማ እንክላ'ያ ሰሪሓቶ፡፡ ልዕሊ'ቲ ጸቡቕ ድራር ጸቡቕ ምርድዳእ እዩ ዘድሊ፡፡ ኣነ ድማ ንኹሉ ይርድኣላ'የ ዝወደይ፡፡ እቲ ቅጫ ጸሊም ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ፍቕርና ግን ኩሉ ግዜ ጻዕዳ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ሓቀኛ ፍቕሪ ማለት ሰብ ኣብ ዝጋጸሉ፡ ጌጋኻ ርእየዮ ኣሎኹ ዘይኮንካ ክትብሎ ዘለካ፡ ኣነ ካብ ጌጋኻ ንላዕሊ ንዓኻ'የ ዘፍቅር' ኢልካ ፍቕርኻ ምግላጽ የድሊ." ብምባል መለሰሉ፡፡

## መሃዝነት

***"ብዘይ ውድቀት ምህዞን ፈጠራን የለን፡፡"- ብሬን ብራውን***

መሃዝነት ክንጾ ሓድሽ ሓሳባት ምፍጣር፡ ንነገራት ብሓድሽ ኣመለኻኽታ ምዕዛብ ማለት'ዩ፡፡ ንነገራት ምስ ተቀሚጦ ዘይፈለጥ ክተዛምድ ምኽኣል'ውን መሃዝነት'ዩ፡፡ ኣርተር ማስተር ዝተባህለ ጸሓፊ ንመሃዝነት "ክልተ ዝተፈላለዩ ሓቅታት ኣጣሚርካ ሓደ ሓሳብ ምፍጣር'ዩ" ብምባል ይገልጾ፡፡ ሰባት፡ ነዚ ዝበልናዮ ዘንገዕና ንኹሉ ነገር ከም ወህብ ብምውሳድ፡ ተበላሓትነትን መሃዝነትን ኣጥፊእና ክንክይድ ዝደርኾና ነገራት ግና እንታይ እዮም፣ እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ዘይምሃዝነት፡ ብውሱንን ዘይቅዳርን ሓሳባት ነእምሮና ኣብ ማሕደር ምእታው ምኻኑ ክኢላታት ይሰማምዑ፡፡ ብዙሓት ሰባት ንነገራት ብምዕዶ ተዓዚቦም ጥራይ ከቢድ ወይ ረቡሓ የብሉን ብምባል ንዘከስዎም ሓሳባት የናቕስዎ፡፡ ምስ ዓቕሞም እናሃለዉ ከኣ ኣብ ህይወት ብሓደ መንገዲ ጥራይ ይጉዓዙ፡፡



ንቐሊል ግድል ፍታሕ ምስኣን ምስ ምብጻሕ ባህርያዊ ጸጋ'ዩ ዝጽብጹብ፡፡ እቲ ኣገዳሲ ዓወት እንተኾይኑ ምጭናቕ ዘይኮነ ምእራም'ዩ ፈውሱ፡፡ መሓዚን ተበላሓትን ንምኳን ኣብ ኣእምሮና ዘለዉ ዓብለልቲ ግን ከኣ ኣሰውቲ ሓሳባት ክንስትተም ይግባእና፡፡ ስለዚ ብኽፉት ኣእምሮ ናይ ኣተሓሳስባ ናጽነት ብምትእትታው ፍሉያት ጥራይ ዘይኮኑ ብሉጻት ሓሳባት ነፈልፍል፡፡

## ጥቕስታት መዛነዪ

- "ብዘይምግኖን ግዜ ተዓዚራይ'ዩ፡፡ እቲ ዘሐገስ ግን ባዕልኻ ኢኻ ፓይለት፡፡"- **ማይክል ኣልትሹለር**
- "ቀዳማይ ሃብቲ ጥዕና እዩ፡፡"- **ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን**
- "ብላሕቲ ሰባት ኣብ ቅኑዕ ነገራት እዮም ዘተኩሩ፡፡" - **ጆንሰን ሀዋንግ**
- "ፈተን ጥራይ ዋላ ፍሽል፡ ንምፍታን ግን ፈጺምካ ከይትሓፍር!"- **ጃረድ ሌቶ**
- "ተኣማመን ግን ከኣ ኣረጋግጽ፡፡"- **ሮናልድ ሬጋን፡፡**
- "ኣድናቖት ዘደንቕ ነገር እዩ፡ ናይ ካልኦት ብሉጽ ነገር ናትካ ከም ዝኸውን ይገብር፡፡"- **ቮልተር**
- "ካብ ፍሽኽታኻ ንላዕሊ ዝበልጽ ልብሲ ፍጹም የለን፡፡"- **ኪ ስቲቨንስ**
- "ሓደ ሓደ ግዜ ብትጸበት ኣብልና ብጦዞኦ ፍቓድና ልብና ንሰብር ኢና፡፡" - **ዘይተፈልጠ**
- "ካብ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ንላዕሊ ናይ መጻኢ ሕልሚ እዩ ደስ ዝበለኒ፡፡"- **ቶማስ ጀፈርሰን**

## ቻንግ ጁ ያንግ



25 ሕዳር 1915 ኣብ ኣሳንራ ሰሜን ኮርያ ዝተወልደ፡ ቻንግ ጁ ያንግ፡ ሓንቲ ላም ካብ ኣቡኡ ብምስራቕ ናብ ሳኣል-ደቡብ ኮርያ ኣምርሐ፡፡ እታ ዝወሰዳ ስጉምቲ ንህይወቱ ምሉእ ዝቐየረት'ያ ነይራ፡፡ ቻንግ ጁ ያንግ፡ ካብ ኣቡኡ ሓንቲ ላም ምስ ሰረቐ፡ ነታ ላም ሽሕ ገይሩ ክመልሳ ንኡብሱ ቃል ኣተወሉ፡፡ ቻንግ ካብ ሰድርኡ ተፈልዩ ናብ ሳኣል ምስ ከደ ሓያል ጻዕሪ ብምክያድ ሃብተሙ፡፡ ምስ ግዜ ከኣ ወናኒ ናይቲ ፍሉጥ ኮርፖረሽን 'ሂዩንዳይ' መፍረ መካይን ክኸውን ከኣለ፡፡ ወዲ 84 ዓመት ኣብ ዝበረሉ ከኣ፡ መብጽዓኡ ክተግብር 1,001 'ሃንዉ' ዝተባህላ ዓይነት ኩቡቲ ብምዕዳግ ብኽልተ ጓቦይቲ ናይ ጽዕነት መራኽብ ናብ'ታ መበቆል ዓዱ ዝኾነት ኣሳንራ ለኣኸን፡፡

እተን 1,001 ኩቡቲ ንኣቦኡ ስድርኡ ጥራይ ኣይኮናን ተዓዲለን፡፡ ኣብታ ዝዓበየላ ዝዑበሩ ዝበሩ ድኻታት ሓረስቶት እየን ተዓዲለን፡፡ ቻንግ ጁ-ያንግ ዝተወልደሉ ዓዲ ኣሳን ብሰንኪ ምክፍፋል ኮርያ ኣብ ትሕቲ ሰሜን ኮርያ እዩ ነይሩ፡፡ ዶብ ሰጊሩ ነተን ኩቡቲ ናብ ሰሜን ኮርያ ክብጽሐን ምኽኣሉ፡ ነቲ ብሰንኪ ጥሜት ተሃስዩ ዝበረ ህዝቢ ዓቢ መስተርሆ ፈጠረሉ፡፡ ቻንግ ጁ-ያንግ ኣብ 1998 ነቲ ዓቢ መብጽዓኡ ፈጸሞ፡፡ እቲ ዝኣተዎ መብጽዓ ክትግብር እንከሎ ግን ወለዱ ብህይወት ኣይነበሩን፡፡ እንተኾነ ግን እቲ ረድኤት ንዓዱን ንደቂ ዓዱን ስለ ዝበጽሐ፡ ነቲ ንስድርኡ ዝኣተዎ መብጽዓ ከም ዝፈጸሞ ገይሩ እዩ ርእዩዎ፡፡


ካብዚ ሓቀኛ ዛንታ፡ ቻንግ ጁ ያንግ ዘየዶ ጻዕሪ፡ ዝበሮ ራእይን ቆራጽነትን፡ ድኽነት ንምጥፋእ ዘየዶ ጻዕሪ ቀሊል ከም ዘይነበረ ክንግንዘብ ኣጸጋሚ ኣይኮነን፡፡ ብዐበኡ ከኣ ዕላማኻ ንምውቃዕ ዘይምሕላል፡፡

ንዘኣተኻዮ ቃል ከይረሳዕካ፡ ንሕልናኻ ዕረፍቲ ምፍጣር፡፡ ነቲ ዝወሰድካዮ ብዕጸፍታት ክትክሕስ ምፍታን፡፡ ሽሕ ግዜ ሃብትም ፍቕሪ ሃገርን ወለድን ክጎድል ከምዝይብሉ የመልክት፡፡ ነየም ኣብ ድኽነት ዘለዉ ህዝቦኻ ከኣ ዘይምርሳዕ፡፡ እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብቲ ሽዑ ግዜ ኣብ መንጎ ደቡብ ኮርያን ሰሜን ኮርያን ዝበረ ወጥሪ ዘዙሓለ ዓቢ ናይ ሰላም ድልድል'ዩ ነይሩ፡፡

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዕ | ግ | ር | ግ | ር | | ወ | ል | ፈ | ሳ | | |
| ን | | ኳ | ና | | ዓ | ለ | ባ | ሳ | ሬ | ት | |
| ወ | ን | ን | | ወ | ለ | ደ | | ም | ት | ካ | ል |
| ት | ም | | ሕ | ት | መ | ት | | | | ል | ቢ |
| | ን | ሓ | ዋ | ሩ | | | ክ | | መ | | |
| ቦ | ታ | | ስ | | ባ | ስ | ታ | መ | ረ | ቕ | |
| ዘ | ይ | ቲ | | ት | ር | ጉ | ም | | ባ | | ክ |
| ነ | | ን | ስ | ሓ | | ም | | ስ | ዕ | ረ | ት |
| | መ | ታ | ሕ | ት | | ቲ | ከ | ት | | ሳ | ራ |
| ቡ | ን | | በ | | ዓ | | ብ | ር | ሃ | ን | |
| | ካ | ራ | ት | | ዋ | ሕ | ዲ | | ማ | | ዓ |
| ዛ | ዕ | ዛ | | ቢ | ን | ቶ | | መ | ም | ህ | ር |



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ተጻወትታ መሪጻ

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ዝውክሉዋ ተጻወትቲ መሪጻ።

ኣብ ቀዳመ መጻረዪ ብድምር ክልተ እግሪ ንኢስዋቲኒ 4ብ1 ዝሰዓረት እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ናይ ምድብ መጻረዪ ግጥማት፡ ኣብ ራብዓይ ምድብ - ምስ ኬንያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ጊኒን ተደላዲላ ምህላዋ ይፍለጥ። ዝ. ወሳኒ መድረኽ ከኣ ሰለስተ ናይ ወሸጢ ሃገር ዝርከብዎም 30 ተጻወትቲ ሓርያ ምህላዋ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ዘቐደ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ብጉበጻዊ ዓለሚ ሓሻም ያኮን እትዕለም ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ሰለስተ ሓለውቲ ልዳት፡ ትሽዓተ ተኸላኸልቲ፡ ሸውዓተ ኣከፋፈልቲ ከምኡ'ውን 11 ኣጥቃዕቲ እያ መሪጻ ዘላ።



ካብ ዝሓለፉ ግጥማታ 13 ሓደስቲ ተጻወትቲ ወሲኻ ዘላ እዛ ጋንታ፡ ቀዳም 26 መስከረም ኣብ ከተማ ናይሮቢ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኬንያ፡ ቀዳማይ ጸወታኣ ክተካይድ እያ። 30 መስከረም ድማ ከም ናታ ሜዳ ኣብ ዝሕሰበላ ኣብ ግብጺ ከተማ ካይሮ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃ ክትዕድማ እያ።

ካብ 21 ክሳብ 25 መስከረም ኣብ ከተማ ናይሮቢ ናይ ልምምድ እዋን ከምዝህልዋ ዝሓበረ ኣቶ ጳውሎስ፡ ድሕሪ ናይ 26 መስከረም ጸወታኦ፡ ብቐጥታ ለይቲ ናብ ግብጺ ከተቕንዕ ምዃና ሓቢሩ፣ ኣብኡ'ውን ክሳብ 29 መስከረም ልምምድ ከተሳስል እያ።

እዚ ከኣ ኑቲ "ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ፡ ብዘይካ ኣብ ናይ ኢስዋቲኒ ጸወታ፡ ካልእ ብዛዕባ ግጥማት ኮነ ልምምድ ኣሰላሲሎም ስለዘይፈልጡ፡ ብፍላይ ኣብዚ እዋን ብርክት ዝበሉ ሓደስቲ ተወሲኾም ብምህላዎም፡ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ ንክናበቡ ክይሸገሩ።" ዝብል ስክፍታ፡ ብመጠኑ ከቃልሎ ትጸቢት ይግበር። ኣብ ምእላይ ናይዛ ጋንታ ልዑል ተራ ንዘህልዎ ዓለሚ ድማ፡ ህሉው ቁመና ናይዞም ብርክት ዝበሉ ብኣካል ረኺብዎም ዘይፈልጥ ተጻወትቲ ከሰሊ ክሕግዞ ይግመት።

ኤርትራ፡ ኮንፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) ዝጠልቦ መምዘኒ ዘማልአ ስታድዩም ስለዘይብላ፡ ኣንጻር ኢስዋቲኒ ኣብ ዘካየደቶ ቀዳማይ እግሪ ኣብ ሞሮኮ (ከም ናታ ስታድዩም ተሓሲቡላ) ምጽዋታ ይዝከር። ሎሚ ግና፡ ኣብ ግብጺ ክትጻወት መሪጻ ዘላ።

"ቀዳማይ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ተቐሚጦ ግብጺ ዝህቡና ደገፍ፡ ካልኣይ ዓለሚ ናይዛ ጋንታ ግብጻዊ ብምዃኑ፡ ሳልሳይ ከኣ ነተን መጋጥምትና ዘይምችእ ከኸውን ይኽእል እዩ ኢልና ስለዝሓሰብና ኢና።" ክብል ድማ ንግብጺ ዝመረጹሉ ምኽንያት ኣብሪሁ - ኣቶ ጳውሎስ።

ኣብዚ ምድብ ዘሎ ኬንያ፡ ምስ ኡጋንዳን ታንዛንያን ብምዃን ንዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ስለእተሰናድኦ፡ ኣብ መጻረዪ ትሕዞ ደረጃ ብዘየገድስ ብቐጥታ እያ ክትሓልፍ። እዚ ማለት፡ ካብተን ሰለስተ - ኤርትራ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ጊኒን ዝለዓለ ነጥቢ ዘኣከበት ሓንቲ ጋንታ ጥራይ እያ፡ ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ክትሓልፍ። እዚ ከኣ ንናይ ምሕላፍ ውድድር ናይዛ ምድብ ዝያዳ በዓሊ ይገብሮ።

**ጽቡቕ ዕድል ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ!**

---

## ማእከል - ስፖርታዊ ውድድር ንዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ይቕጽል

ንዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝሰላሰል ዘሎ ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርታዊ ውድድር ዞባ ማእከል ይቕጽል ኣሎ።

ሰንበት 13 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ፈለሙ ኣብኡ ዝዛዘም ውድድር ጉያ ተሰላሲሉ።

ሸሞንተ ኪሎሜተር ካብ ዝተሰርዓሉም ደቂ ኣንስትዮ፡ ፋጥማ ኣሕመድ ካብ ሳትረብ



(ፍረጻዕሪ)፡ ብ31 ደቒቕን 27 ካልኢትን ዕወትቲ ናይዚ ናይ ዝኽሪ ውድድር ኮይና። ኣርያም ሓደሽ ካብ ዚሮ (ሰገን)፡ ፍርቱና ማእከለ ካብ ሓወልዕ (ጎዳይፍ)፡ ሰላና ጉብረየሃንስ ኣስቴር ደባቤን ካብ ቀብርወኣት (ኢንሹራንስ)፡ ፍዮሪ ጉብረሂወት ካብ ዚሮ (ሰገን) ከኣ ካብ ካልኣይቲ ክሳብ ሻዱሻይቲ ኣትየን።

ደቂ ተባዕትዮ፡ 12 ኪሎሜተር ሸፊኖም። የሰፍ ኣደም ካብ ዚሮ (ሰገን)፡ ብ37 ደቒቕን 17 ካልኢትን ንወዲ ጋንታኡ ዳብራ ናስር ከምኡ'ውን ናህም ተስፋይ ካብ ሳትረብ (ፍረጻዕሪ) ኣኸቲሉ ተዓዊቱ። ኮኾብ ጉብሩ ዚሮ (ሰገን)፡ የናታን ክፍለ - ዊና፡ ቤንሃር የሴፍ ሳትረብ (ፍረጻዕሪ) ክሳብ ሻዱሻይ ዝለ ደረጃ ሓዚኦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ኩዕሶ እግሪ ተኻይዱ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓወልዕ (ደንደን) ንግኡተብ (ምም /ገጀረት) 3ብ0 ክትሰዕራ እንከላ፡ ኣባላ የርዳኖስ ካሕሳይ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ግልዕ (ሰገን) ከኣ ንጉዳይም (ኢንሹራንስ) ብፍጹም ቅላዕ 5ብ3 ሰዒራታ። የርዳኖስ ፍስሃ ካብ ግልዕ ድማ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተጸዊዓ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ቀብርወኣት (ኣዱሊስ) ንኣትረብ (ኩ/ሰንበል) 2ብ0 ሰዒራቶ። ኣባል ናታን ዳኒኤል ናይቲ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ዓራግ (ቀይሕ ባሕሪ) ንጀልሃንቲ (ኣስመራ በራ) 2ብ1 ኣብ ዝሰዓረትሉ ጸወታ፡ ኣባል ናታን ብርሃ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

በዚ ድማ ኣብ ክልተኡ ጾታ፡ ዝተሳዕራ ሎሚ ሰለስ ንደረጃ፡ ንፍጻመ ዝሓለፋ ከኣ ሓሙስ ክጸወታ እየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ትማሊ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኩዕሶ ሰከቦት ኣብ ሜዳ ቦምፊል ተኻይዱ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ግልዕ ንጹብራ 43ብ37 ክትሰዕራ እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ሓወልዕ ንቀብርወኣት 78ብ46 ሰዒረንኦን።

---

## ገለብ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ ትሕቲ 17 ዓመት ኮይና



ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ዝቐየ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰንበት 13 መስከረም ተዛዚሙ።

ፈለማ ኣብ ናይ ደረጃ ጸወታ፡ ንኣሳን ዞባታት ከረንን ዒላበርዕድን ተጻዊተን። ከረን፡ ንቀዳማይ እብረ ዓብሊላ 2ብ0 መራሒቶ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ክልተ ሸቶታት ዝወሰኸት ከረን፡ ሓንቲ ሸቶ ዝመዝገበት ዒላበርዕድ 4ብ1 ሰዒራታ። ከረን፡ ሳልሰይቲ ኮይና ወዲኣ 10 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊማ። ኣባላ መሰጦፋ መሓመድ ኑር፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ኮይኑ ተረቚሑ።

ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣብ መንጎ ንኣሳን ዞባታት ገለብን ሓልሓልን ተኻይዱ። ገለብ፡ ጸወታ ተቖጻጺራ ብዘካየደቶ ሓያል መጥቃዕቲ ከኣ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ክልተ ሸቶታት፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ሓንቲ ሸቶ ኣቑጺራ፡ ብገፊሕ 3ብ0 ተዓዊታ። ራሚ ካብ ገለብ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

ሻምፕዮን ዝኾነት ገለብ፡ 20 ሽሕ ናቕፋ ክትሽለም እንከላ፡ ካልኣይቲ ዝወጸት ሓልሓል 15 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊማ። ዓዲተከሌዛን ድማ፡ ናይ ጠባይ ዋንጫ ተዋሂባ።

ብዘይካ'ዚ፡ መሰጦፋ መሓመድኑር ናይ ከረን ብትሸዓተ ሸቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ፣ ኣሰልጣኒ ገለብ መምህር ዳምር የውሃንስ ብሉጽ ኣሰልጣኒ፣ ኢሲያስ በረኸት ካብ ዒላበርዕድ ብሉጽ ሓላው ልዳት፣ መብረክ ኣማን ካብ ገለብ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሎም።

---

## ቮልታ ሰጳኛ ተዛዚሙ

### ሄኖክ፡ ኣብ ቀዳማይ ሱታፌኡ . . .

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን ክሳተፎ ዝቐየ ቮልታ ሰጳኛ 2026፡ ሰንበት 13 መስከረም ተዛዚሙ።

ኣብቲ ንመዛዘሚ መበል 21 መድረኽ ተቐዳዳማይ ኡኖ ኢክስ ሞቢሊቲ - ቶቢያስ የሃንሰን ዝተዓወተሉ ውድድር፡ ብሓፈሻዊ ግዜ (ጆሲ) ኣርንክ ማስ ካብ ሞቪስታር ዕወት ቮልታ ሰጳኛ ኮይኑ። ብኣርባዕተ ዓወታት ናይዚ ውድድር ኣብ ቀደሚት ዝርከብ ፕሪሞዝ ሮግሊች፡ 2 ደቒቕን 15 ካልኢትን ድሒሩ ካልኣይ ወጺኡ። ሄኖክ፡ መበል 43 ደረጃ



ሒዙ።

ኣብል ቪዝማ - ዋት ቫን ኣርት፡ ብ326 ነጥቢ ንናይ ሹኡ ማልያ ተዓዊቱሉ፡ ሄኖክ፡ ብ22 ነጥቢ መበል 51 ወጺኡ።

ተቐዳዳማይ ባሕሬን - ሳንቲያጎ ቡትራጎ፡ ብ78 ነጥቢ ንግልያ ኣንበሳ ዓቐብ ሒዚዋ ዛዚሙ። ኣሰዮር ኣንሊዩ ካብ ኢኔዮስ ድማ ካብ መንእሰያት ጸብለል ኢሉ።

እኳ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ናይዚ ውድድር ዝነበረ ሄኖክ፡ ንፈለማ ግዜኡ እዩ ኣብዚ ውድድር ተሳቲፉ። ኣብ መበል 15 መድረኽ ሻሙናይ ዝኣተዎ ዝበለጸ ደረጃኡ ዝኾነ ሄኖክ፡ ሰለስተ ሳብዐውን መበል 13፡ 14ን 15ን ኣትዩ፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ዝምስገን ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ሞቪ. ስታር - ናትናኤል ተስፋጼን፡ ሰንበት ኣብ ኢጣልያ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ራብዓይ ብምእታዉ ብሉጽ ወጽኢት ኣመዝጊቡ።

ኑቲ 195 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ንመበል 78 ግዜኡ ዝተኻየደ



ናትናኤል - ከቢብ ምልክት ተገይሩሉ ዘሎ

ውድድር፡ ተቐዳዳማይ ኡኖ ኢክስ ሞቢሊቲ - ሳካሪያስ ኮለር፡ ብቕጽበታዊ ውድድር ተዓዊቱሉ። ናትናኤል ከኣ፡ ብጸቢብ ፍልልይ ራብዓይ ኣትዩ። ተቐዳደምቲ ዝ. ውድድር ብ4 ሰዓት፡ 29 ደቒቕን 13 ካልኢትን ዛዚሞሞ።

ናትናኤል፡ 19 መስከረም ኣብ ቤልጅዩም ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ምስታፉ፡ 27 መስከረም ኣብ ካናዳ 'ሻምፕዮን ዓለም 2026' ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር፡ ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ክውክላ እዩ - እንተላይ ሄኖክ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ካራባኦ ካፕ (ሳልሳይ ዙርያ)**

ዌስት ሃም - ፉልሃም 9:45 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ቶተንሃም 10:00 ድ.ቀ

ኢፕስዊች - ኣርሰናል 10:00 ድ.ቀ

ላ'ሊጋ (ሻዱሻይ ሰሙን)

ኣልቼ - ሪያል ማድሪድ 10:30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካ፡ ኣብ ሆርሙዝ ከም ትጸንሕ ኣፍሊጣ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ሚያዊ መጻብቦ ሆርሙዝ ክጸንሕ ከም ዝወሰነ ኣፍሊጡ።

ምስ'ተን ሃገራት ቀርባት ዘለዎም ወግዓት ድማ፡ ውሳነ ትራምፕ ኣብ ሆርሙዝ፡ ምስቲ ሃገሩ ሰፊሕ ዕቑር ኑዳዲ ቬንዙዌላ ንምቁጽጻር እትኽተሎ ዘላ ኣተዓዲ ዘመሳሰል ምዃኑ ይገልጹ ኣለው።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ መግለጺኡ፡ ኩናት ኣመሪካን ኢራንን ሎሚ ዓመት ክውዳእ ትጽበት ከም ዘለዎ'ውን ሓቢሩ።

ንሱ ቀጺሉ፡ እቲ ኩናት ምስ ኣብቀዐ፡ ዋጋ ኑዳድን ጋዝን ብቕልጡፍ ክጎድል ከም ዝኽእል ኣረዲኡ።



ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣጋጢሙ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ንዕዳጋታት ኑዳዲ ዓለም ብዓፈሹ ንዕዳጋታት ኑዳኢ ኣመሪካ ድማ ብፍላይ ብኣሉታ ጸልዩዎ ከም ዘሎ እዩ ዝገልጽ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ኣብ ልዕሊ ማስመር ሻምብቆ ኑዳዲ ስዑዲ ዓረብ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ'ውን ንዋጋታት ኑዳዲ ዓለም ዳምግይ ክብ ከብሎ ከም ዝኽእል እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ መግለጺኡ፡ "ቅኑዕ ስምምዕ ጥራይ እየ ዝደልየ" ድሕሪ ምባሉ፡ ኢራን ኑቲ ኣቐዲማ ብተደጋጋሚ ክትዛረበ ዝጸንሐት ዘተ ሰላም፡ ሎሚ ግን ባዕላ ትደልዮ ከም ዘላ ኣመልኪቱ።

ትራምፕ ኣብ መወዳእታ፡ "ከምቲ ኣብ ቬንዙዌላ ዝገበርናዮ፡ ሓይልታትና ኣብ ሆርሙዝ ከም ዝጸንሑ ብምግባር ኑቲ ብኡ ዝመጽእ ኑዳዲ ክነዕቅቦ እንተ ዘይወሰንና፡ ካብ ኢራን ክንወጽእ ኢና፡" ኢሉ።

ኣመሪካ ካብ ሺዮጥ ኑዳዲ ቬንዙዌላ እትረኽቦ ዘላ ኣታዊ፡ ንብዙሕ ወጻኢታት ናይ ኩናት ክሽፍነላ ክኢሉ ከም ዘሎ እያ ትገልጽ።

## የመን፡ ምስ ኢራንን ሃገራት ወሽመጥን ዝመደበቶ ዝርርብ ተወንዚፍ

የመን፡ ኣብ ጉዳይ ወሽመጥ ሆርሙዝ ኣመልኪታ ምስ ኢራንን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ንትማሊ ሰሉይ ክተካየዶ መዲባቶ ዝነበረት ዝርርብ ከም ዘወንዘፈቶ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር በድር ኣልቡሳይዲ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ብወገኑ፡ እቲ ኣብ የመን ክካየድ ተሓሲቡ ዝነበረ ኣኼባ፡ ብጠለብ ገለ ጎረባብቲ ሃገራትን ብሓባራዊ ውሳነ ኢራንን የመንን ንዘይተወሰነ ግዜ ከም እተናውሐ ገሊጹ።

ኢራን፡ ኣብቲ ኣኼባ፡ የመንን ካልኦት ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ክሳተፋ ምዃነን ካብ ምሕበር ሓሊፉ፡ ንዝርዝር ኣሰማት ናይ'ተን ሃገራት ኣመልኪታ ግን ተወሳኺ ሓበሬታ ኣይሃበትን ጺሑ።

ባሕሬን ግን፡ ኣብቲ ኣኼባ ከም ዘይትሳተፍ ኣቐዲማ ሓቢራ ነይራ'ያ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ የመን ባድር ኣልቡሳይዲ ኣብ መግለጺኡ፡ "ኩነታት ዞባና ንምርግጋእን ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእን ዝርርብ ክካየድ ተዓሊና ኣለና፡" ኢሉ።

የመንን ኢራንን፡ ኑቲ ስትራተጂያዊ ሚያዊ ማስመር ብኸመይ ከም ዘመሓድርኦ፡ ንሓያሎ ሰሙናት ዝቐጸለ ክልተኣዊ ዝርርብ ክካይዳ ከም ዝጸንሓ እዩ ዝገልጽ።



## ዩክሬን፡ ወተሃደራት ናብ ማሊ ተእቱ

ዩክሬን ኣንጻር መንግስትን ሰራዊትን ሩሲያ ዝዋግኡ ዕጡቓት ጉጅለታት ንምስልጣን፡ ፍሉያት ወተሃደራት ናብ ማሊ ከም ዝለኣኸት፡ መርበብ ሓበሬታ ቴለቪዥን ሲ.ኤን.ኤን. ንሰራዊት ዩክሬን ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣስታት 15 ዩክሬናውያን ኣፕሬተራት ድሮን'ውን ምስቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ ዝንቀሳቐስ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ከም ዘለው፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ገሊጹ።



ብመሰረት እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ እዞም ምኩራት ወተሃደራት ዩክሬን ነዞም ዕጡቓት ዝተፈላለየ ስልቲ ኩናት ይምህሩዎምን ካልእ ወተሃደራዊ ስልጠናታት ይህቡዎምን ኣለው።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ እዞም ዕጡቓት ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ ንእትርከብ ስትራተጂያዊት ከተማ ኪዳል ንኽቆጻጸሩዋ፡ እዞም ዩክሬናውያን ክኢላታት ወተሃደርና ዘይሃዓቐ ተራ ከም እተጻወቱ እዩ ዝሕብር።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ ብወገኑ፡ ኣስታት 12,000 ዝኾኑ ዕጡቓት ማሊ፡ ንመንግስቲ ናይታ ሃገር ንምዕምጣል፡ ካብ ዩክሬንን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ብዙሓትኩ ዓለምቲ ስልጠናም ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ማሊን መኻርኽታ ዝኾና በርኪና ፋሶን ኒጀርን፡ ዩክሬን ኣብቲ ዞባ ንኣሸበርቲ ትሕግዝ ብምህላዋ እያን ብተደጋጋሚ ክወቕሳ ጺሒሐን።

ካብ'ዚ ሓሊፈን'ውን ኣንጻር ዩክሬን ዝቐንዐ ጥርዓን ኣብ 2024 ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣቕሪበን ምንባረን ይግለጽ።

ዩክሬን ግና፡ ኣብ ማሊ ዝኾነ ወተሃደራዊ ምትእትታው ከም ዘይገበረት ብምግላጽ እያ ኑቲ ክሲ ትነጽጎ።

## ትራምፕ ንዩክሬን የጠንቅቕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ንትሕተ ቅርጺ ኑዳዲ ሩሲያ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕትታት ምክያድ ደው ክብል ጸዊዑ።

ንሱ ኣብ ጻውዒቱ፡ እቲ ብዩክሬን ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕትታት፡ ንሕጽረት ኑዳዲ ኣብ ዕዳጋ ዓለም መሊሱ ዘጋድድ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ዩክሬን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ኣትኪሉ ኣብ ልዕሊ መጻረዪታት ኑዳዲ ሩሲያ ክተካይዶ ብዝጸንሐት ናይ ነዊሕ ርሕቀት መጥቃዕቲ ድሮን፡ ንመጠን ፍርያት ኑዳዲ ናይታ ሃገር ከም ዝኸኪ ብምግባር፡ ኣብ መላእ ሩሲያ ሕጽረት ኑዳዲ ንኽኸሰት ምኽንያት ኮይና ከም ዘላ'ዩ ዝገልጽ።

ዩክሬን ወላ'ኳ ንትሕተ ቅርጺ ጸዓት ዒላማ ዝገበረ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ካብ ሩሲያ ዘጋጥማ እንተ ኾነ፡ ኣብ ልዕሊ መጻረዪታት ኑዳዲ ሩሲያ እተካይዶ መጥቃዕቲ ግና ሕጋዊ ወተሃደራዊ ዒላማ ምዃኑ እያ ትገልጽ።

ብመሰረት ትካል 'ጋሶቡዲ ኣመሪካ'፡ ዝሓለፈ ሰሙን ዋጋ ሓደ ጋሎን ኑዳዲ ናብ ልዕሊ 6 ዶላር ክብ ኢሉ።

ትራምፕ፡ "ፕረዚደንት ዘለንስኪ ሓደ ነገር ጥራሕ'ዩ ክገብር ዘለዎ፣ ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርጽታት ኑዳዲ ሩሲያ መጥቃዕቲ ምክያድ ደው ክብል ኣለዎ። ብዘዕባ'ዚ ምስኡ ተዘራሪብና ኢና። ካልኦት ወተሃደራዊ ዒላማ ክኾኑ ዝኽእሉ ብዙሓት ትሕተ ቅርጽታት ኣለው። ትካል ኑዳዲ ኣይትውቃዕ፡ ንዓለም'ዩ ዝጎድእ ዘሎ" ኢሉ።



ንሱ ቀጺሉ፡ "እቲ ብደረጃ ዓለም ኣጋጢሙ ዘሎ ሕጽረት ቀረብ ኑዳዲ፡ ብሰንኪ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘሎ ዘይርጉእ ኩነታት ዘይኮነስ፡ ብሰንኪ ኩናት ሩሲያን ዩክሬንን ዝስዕብ ዘሎ እዩ" ክብል'ውን ገሊጹ።

ሩሲያ፡ ናይ ሎሚ ዓመት መጠን ሰደድ ኑዳዳ፡ ብሰንኪ ኩናት ብርኡይ ክንቀልቀል ከም ዝኸኣለ እዩ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ዘመልከተ።

## ሑቲ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ሚሳይላት ወንጪፉ

ብኢራን ከም ዝድገፍ ዝንገረሉ የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ንጉስ ካሊድ፡ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ባሊስቲካዊ ሚሳይልን ድሮንን ከም ዝካየደ ሓቢሩ።

ሑቲ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ መልሰ ግብሪ ናይቲ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መላእ የመን ዘካየደቶ ልዕሊ 300 መጥቃዕቲ ነፈርቲ ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ቀጺሉ፡ ዓሰርተታት ባሊስቲክ ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ናብቲ መዓስከር ከም ዝወንጨፈ፡ ድሕሪ ምግላጹ፡ ብዙሕ ወተሃደራዊ ትሕተ ቅርጽታት ከም ዝወቕዐ ኣረዲኡ።

በቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብቲ ወተሃደራዊ መደበር ከቢድ ጉድኣት ከም ዘወረደ'ውን ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ የመን ዝካየድ መጥቃዕቲ እንተ ቀጺሉ፡ ሕጂ'ውን ናብ ስዑዲ ዓረብ ተወሳኺ ሚሳይላትን ድሮናትን ክውንጭፍ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

መንግስቲ የመን ብወገኑ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ ጥምጥም ቀይሕ ባሕሪ ንዝርከብ ሓያለ ስትራተጂያዊ ቦታታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩ ከም ዘሎ ተኣሚኑ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ቅሳነት | 15/09/2026 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565